

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.289 ሓሙስ 3 ነሓሰ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ


ገጽ 3
. . . ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ

ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 5
ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን እንታይ'ዩ፧



ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር ባይታ ቴኒስ ይካየድ ኣሎ



## ኣብ ሃገርና፡ 5.6 ሬክተር ዓቐን ዝነበሮ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ተኸሲቱ


ኣብ ኤርትራ፤ ትማሊን ብቕድሚ ትማሊን ካብ 4.4 ክሳብ 5.6 ሬክተር ዓቐን ዝበጽሑ ተኸታተልቲ ምንቅጥቃጣት ምድሪ ተኸሲቶም።

ካብ'ዞም ምንቅጥቃጣት፡ ብሰሉስ 1 ነሓሰ ሰዓት 8:15 ምሸት ዚጋጠመ 5.6 ሬክተር ዝተዓቀነ 11.6 ኪሎሜተር ንሸነኽ ምዕራብ ካብ ፎሮ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ፡ ኣብ 10 ኪሎሜተር ዕምቈት ዚጋጠመ እቲ ዝበርተዐ ኮይኑ፣ ኣብ'ቲ ዕለት ሰዓት 10:37 ለይቲ ከምኡ'ውን ትማሊ 2 ነሓሰ ካብ 6:36 ክሳብ 8:00 ንግሆ፡ ክሳብ 4.7 ሬክተር ዝተዓቀኑ ተኸታተልቲ ምንቅጥቃጣት ምድሪ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታን ዕምቈትን ተሰሚዖም ኣለዉ።

በዚ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት፡ ዛጊት ኣብ ህይወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት'ኳ እንተዘየለ፡ ኣብ ካረባ - ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ 5 ኣባይቲ ከምዝፈረሰ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሮም።

እዚ ዚጋጠመ ምንቅጥቃጣት ምድሪ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዞባታት ደቡብ፡ ማእከል፡ ዓንሰባ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ጋሽ-ባርካን ከምዝተሰምዐ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ቅድሚ ሓደ ወርሒ - ብ2 ሓምለ 2023 እውን 4.2 ሬክተር ዝተዓቀነ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ተመሳሳሊ ስነ-ቅርጻዊ ስርዓት-ምድሪ ዝተደኮነ ቦታታት ሃገርና ኣጋጢሙ ከምዝነበረ ይዝከር።




## 5ይ ዋዕላ ውዳበታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ተኸፊቱ

5ይ ዋዕላ ናይ'ተን ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራውያን-ኣመሪካውያን ዝጥፉ ውዳበታት ህዝባዊ ግንባር፡ "ምውርራስ ወለዶታት ንበሩህ መጻኢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ1 ነሓሰ ኣብ ከተማ ሰያትል ተኸፊቱ።

ኣብ'ዚ ብተሳትፎ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃን ዝማዕረገ ዋዕላ፡ ልዕሊ 500 ወከልቲ ናይ ኩለን ውዳበታትን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ኣመሪካውያን መሓዙት ኤርትራ ይሳተፉ ኣለዉ።



ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ብርሃ ገብረሂወት ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ እቲ ዋዕላ - ኤርትራ ዘበናት ዝቐጽረ ምዕራባዊ ተጻብኦታት መኪታ፣ ኪኖ ምርግጋጽ ናጽነታን ህላወኣን ዋሕስ ሰላምን ርግኣትን ብምዃን ንልምዓት ኣብ ትምርሽሉ ዘላ፣ ከምኡ'ውን ሰብኣዊ ክብረት ዘቐድም ፍልስፍና ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዘለዋ ቀሪጽነት ኣብ ዘማእከረትሉ መድረኽ ይኻየድ ምህላዉ ፍሉይ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ዋዕለኛታት - ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንዝተኻየደ ስራሓት ብዕቱብ ብምግምጋም፡ ኣብ ቅድመና ንዘሎ መድረኽ ዝበቕዕ መደባት ክሕንጽጹ ዘለዎ ትምኒት ገሊጹ።

ንላዕለዋይ ልኡኽ መንግስትን ግንባርን ወኪሉ መደረ ዘስመዐ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ኣገዳስነት ናይ'ዚ ሃገርና ኣትያቶ ዘላ ዓበይቲ ዕድላት ከምኡ'ውን ብደሆታት ዝሓዘ መድረኽ ብምጥቃስ፡ ዋዕላ - ዕቱብ ገምጋም ብምኽያድ መድረኽ ዝሓቶ እዋናውን ተተግባርን መደባት ክሕንጽጽ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ውዳበታት ግንባር ማለት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሃማደኤን ሕድሪን ከምኡ'ውን ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ሃገራዊ ክብረታት ናብ ደቀም ንምስግጋር ኣበርቲዓዊ ስራሕ ዝሃቡ ወለዲ፡ ተሞክሮኦም ንተሳተፍቲ ዋዕላ ኣካፊሎም።

እቲ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ካብ ኤርትራ ዝኸዱ ስነ-ጥበበውያን ብዘቕረብዎ ባህላዊ መሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

## ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘተኮረ ሰሚናር ኣካይዱ

ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ንበርቲ ሰለስተ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ብምዕባይ ተራኦም ኣብ ምክልኻል ገበን ክብ ንምባል ዝሕግዝ ሰሚናር፡ ብ29 ሓምለ ኣካዪዱ።

ኣዛዚት 4ይ መደበር ፖሊስ ካፒቴን ሰምሃሪት ረዳ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ከምዘይናግፍ ጠቒሳ፡ ሕብረተ-ሰብ ንቕሓቱ ብምብራኽ፡ ገበን ኣብ ምክልኻልን ገበነኛታት ኣብ ምቕላዕን ምትሕብባሩ ክዛይድ ጸዊዓ።

ወለዲ ንመንእሰያት ደቆም ካብ ገበናት ክርሕቁ ከምዕዱን ብዕቱብ ክከታተልዎን፡ መንእሰያት ድማ ብሩህ መጻኢ ንኽህልዎም፡ ክብርታትን ስነምግባርን ሕብረተሰቦም ክሳብሱ ተማሕጺና።

ካፒቴን ሰምሃሪት ኣስዒባ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ'ዚ ዓመት፡ 105 ገበናትን 106 በደላትን ከምእተመዝገበ፡ ብጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ዝተኸሰሰ 458 መካይን 793 ብሾፈራታ፡ 6 ብኤለክትሪክ ዝሰርሓ ብሽግለታን 2 ዓረብያ ፈረስን ድማ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምእተወስደን ሓቢራ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ ወ/ሮ ሳሊሓ ማሕሙድ ብወገኖ፡ ወለዲ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ንደቆም ዝህብዎ ሓልዮትን ናብዮትን ካብ ትሕተ-ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ዝድሕኑ ጽልዋን ናጻ ኩይኖም ንኽዕበዩ'ውን ጻዕርታቶም ክሐይሉ ኣተሓሳሲባ።





ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ሰላምን ጸጥታን ከባብኦም ንምውሓስ ካብኦም ዝሕተት ከምዝፍጽሙ ገሊጾም።

## ተጋዳላይ ሜጀር ሰለሙን ተስፋሚካኤል ተሰዊኡ

ገዳም ተጋዳላይ ሜጀር ሰለሙን ተስፋሚካኤል ኢማም፡ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ክሕከም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ31 ሓምለ ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሰለሙን፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዝተፈላለያ ክፍልታት ውድብ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ከገልግል ዝጸንሐ ሓርበኛ'ዩ።

ሜጀር ሰለሙን ተስፋሚካኤል፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ውሉዳትን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 2 ነሓሰ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ገዳም ተጋዳላይ ሜጀር ሰለሙን ተስፋሚካኤል ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

ሪፖርታዥ

# ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ



ነስረዲን ዓብዱራሕማን
ስእሊ፡- ሳልሕ ዓብደልቃድር

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ 30 ግንቦት ክሳብ 3 ሰነ 2023 ኣብ ሩስያ ወግዓዊ ምብጻሕ ምፍጻሙ ዝፍለጥ እዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ "ሰላም፡ ጸጥታን ልምዓትን" ብዝብል ቴማ ካብ 27 ክሳብ 28 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንኽሳተፉ ፕረዚደንት ፑቲን ብዝገበረሉ ወግዓዊ ዕድመ መሰረት'ዩ ናብ ሩስያ ተበጊሱ። ረቡዕ 26 ሓምለ ሰዓት 7 ንግሆ ካብ ኣስመራ ነቒሉ ድማ፡ ድሕሪ ናይ 8 ሰዓታት በረራ፡ ሰዓት 3:00 ድሕሪቐትሪ፡ ኣብ'ታ ካልኣይቲ ዝዓበየት ከተማ ሩስያ ዝኾነት፡ 2ይ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን ዘአንገደት ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ኣትዩ። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ'ውን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ።

ቀዳማይ ዋዕላ ሩስያ-ኣፍሪቃ ካብ 23 ክሳብ 24 ጥቅምቲ 2019 ኣብ ከተማ ሶቺ - ሩስያ ከምዝተኻየደ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ሰይንት ፒተርስበርግ ዝተኻየደ ካልኣይ ዋዕላ 49 ሃገራት ኣፍሪቃ፡ 17 ካብኣተን ብደረጃ መራሕቲ ሃገራት፡ 4 ድማ ብደረጃ መራሕቲ መንግስታት ተሳቲፈን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሩስያ ኣብ ዝኣተወሉ ቀዳማይ ዕለት ኣብ ሰዓታት ምሸት ምስ ሚስተር ኢጎር ለቬቲን - ተሓጋጋዚ ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ተራኺቡ ተዘራሪቡ። እቲ ርክብ፡ ብቐንዱ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ፈደረሽን ሩስያን መጻኢ ኣመታቱን ዘቖንጸ እዩ ነይሩ። ሩስያ ንሃገራት ኣፍሪቃ ክጠቅም ብዘኽእል ዓይነታት ምህርቲ ሃብታም'ኳ እንተኾነት፡ ምስዚ ዘሎ ኩነታት ንሰደድ ክበቅዕ ናይ መሳለጥያታት ጸገም ስለዘሎ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ክህልዋ ኣብ ዝኽእል ኣበርክቶ እውን ዘትዩም። ኣብ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኑቲ መደብ ንምትግባር ዘሎ ተኽእሎታት ንምድህሳስ፡ ብመገዲ ሚኒስትሪታት ጉዳያት ወጻኢ ቀጻሊ ዝርርብ ክምዝድሊ ተረዲኦም።

ሓሙስ 27 ሓምለ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ፡ 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ብወግዒ ተኸፊቱ። ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣፍሪቃ ብኣትውንኖ ጸጋታት ኣብ ፖለቲካን ቁጠባን ዓለም ዘለዋ ኣገዳስነት ልዑል ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሩስያን ኣፍሪቃን ንሓቀኛ ልኡላውነት ደው ክብላ፣ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ካልእ መዳያትን ናይ ገዛእ ርእሰን ፍሉይ ልምዓታዊ መንገዲ ክኽተላ መሰል ከምዝለወንን ባህርያዊ ተወፋይነት ከምዝቃፈላን ብሰፊሑ ኣብሪሁ። እዚ ባህጊ ናጽነትን ልኡላውነትን ኑበሰኻ ምንጻል ማለት ከም ዘይኮነ ብምሕባር ከኣ፡ መንግስቲ ሩስያ ምስኦም ማዕረ ዝኾኑን ተመሳሳሊ መሰል ዘለዎምን ሓራ ኣህዛብን መንግስታትን ንምትሕብባር ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፡ "ኣብ ብዙሓት ዞባታት ኣፍሪቃ ዘሎ ኩነታት፡ ሕጂውን ርጉእ ከምዘይኮነ ክንእመን ይግባእ። ዓሌታዊ ግርጭታት ኣይተፈትሐን፡ ጽዑቕ ፖለቲካውን ማሕበራቁጠባውን ቅልውላዋት ድማ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ብርግጽ ከበድ ወርሻ ናይቲ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ኣፍሪቃ ዝኽተልኦ ዝነበራ ፖለሲ 'ከፋፊልካ ግዛእ' እዩ" ኢሉ።

ኣብ መደምደምታ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሩስያ ምስ ኣፍሪቃውያን ብሓባር ንቕድሚት ዝጥምት ራእይ፡ ሓቀኛ ስትራተጂካዊ ምትሕግጋዝን ሽርክነትን ንምስፋን ተወፋይነትን ቅንዕናን ከምዘለዋ ኣስሚሩሉ። ምስ ነፍሲ-ወከፍ ሃገርን ብሓፈሻ ብደረጃ ኣህጉርን ዘለዎም ዝምድና ዓቢ ግምት ዝሃብዎ ብምሕባር ከኣ፣ እዚ ዝምድናታት ኣብታ ትቕልቀል ዘላ ብዙሓቀጽሪዊት ዓለም ብሩህ መጻኢ ከምዘለዎ ከምዝተኣማመን ገሊጹ።

ርክብ ቅድሚ ቐትሪ 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ሚኒስተር ሳይንስን ላዕለዋይ ትምህርቲን ፈደረሽን ሩስያ ዶክተር ቫለሪ ፋልኮቭ ተራኺቦም፡ ኣብ መደባት ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ተዘራሪቦም። ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ቫለሪ፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ 2018 ዝተበጽሐ ክልተኣዊ ስምምዕ ኣብ ዓውድታት ሱፍልጠት፡ ጥዕና፡ ሕርሻ፡ ቴክኖሎጂን ካልእን በብእዋኑ ዕድላት ማህደረ-ትምህርቲ ክወሃብ ከምዝጸንሐ፣ ዝኾነ ንምሕዳስን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ንምብልን ድማ፡ መንግስቲ ሩስያ ድልው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ መሰረት ምዕባለን ዕበየትን ስለዝኾኑ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናብ ኩሉ ምብጻሕ መሰረታዊ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ኣብ ዕድላት ትምህርቲ ከይተሓጽረ፡ ዝለዓለ ወጻኢታት ብምግባር፡ ዓቕሚ-ሰብ ብዓይነትን ብዓሌትን ንምምዕባል ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ። ኑቲ ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝጸንሐ ምትሕግጋዝ ንምትግባርን ንምክትታልን ካብ ክልቲኡ ወገናት ሓባራዊ ኮሚተ ክቖውም ድማ ተረዲኦም።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ ኣቦ-መንበር ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ፕረዚደንት ሕብረት ኮሞሮስ ኣዛሊ ኣሱማኒ፡ ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ኪሪል ናይ ሞስኮን መላእ ሩስያን፡ ከምኡ ድማ ዳልማ ሩሰፍ ካብ 2011 ክሳብ 2016 ፕረዚደንት ብራዚል ነበርን ፕረዚደንት ባንክ ልምዓት ብሪክስ ኮይና ዝተመርጸትን መደረታት ድሕሪ ምስምዓም፡ ኣብ መዛዘሚ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ንኽብሪ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦት ተሳተፍትን ናይ ድራር እንግዶት ገይሩ።

ካልኣይ መዓልቲ ዋዕላ ሩስያ ኣፍሪቃ፡ ኣቐዲሙ ብዝወጸ መደብ መሰረት፡ መራሕቲ ተሳተፍቲ ሃገራት መደረ ዘስምዑሉ'ዩ ነይሩ። ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣፈወርቂ ድማ እዚ ዝስዕብ ቃል ኣስሚዑ፦
"ክቡር ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን! ንዝሃብኩሙኒ ዕድል ኣመስግን።

ዳርጋ ኩሉ መሰረታዊ ጉዳያት ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ንፈደረሽን ሩስያን ኣህጉር ኣፍሪቃን ብዝምልከት፡ ቀዲሞምኒ ዝተዛረቡ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺታት ተላዒሉ'ዩ። ኣተኩሮይ፡ ኣብቲ ሕጂ ብምምኽኻር እንገብሮ ዘለና መስርሕ፣ ምርድዳእ ምምዕባል ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ ንምግላጽ እዩ።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል









ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ | ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ | ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# . . . ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ዋዕላ ሩሲያን ኣፍሪቃን ኢና ዘሎና። እዚ ድማ ብናተይ ኣረኣእያ፡ ገለ ካብ መሰረታዊ ነገራት ናይዚ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ኣገሊሉን ኣማዕቢሉን'ዩ። እቲ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ግን ኣብዚ እዋንዚ ንዘለዉ ጉዳያት ክዕምም ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ሞንጎ ፈደረሽን ሩሲያን ኣህጉርናን ዝሎ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ዝሕግዝ ሰድ ንምድላው ዝድርኽ ኣገባብ ክቐውም እሉ።

እዚ ስትራተጂዚ፡ ነቲ ክዝንጋዕ ዝጸንሐ ሽርክነት ሓፈሻዊ ቅርጺ ክኸውን ዘገድድ ኣይኮነ። ኣብ ወሽጢዚ ስትራተጂዚ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ምትሕብባር መዳያት ኣብ ፍሉይ ዓውድን ኢንዱስትሪን ንዘተዮዱ ጭብጣት ፕሮጀክትታት ንምልላይን ሰሪቶት ንምድላውን ዘሆዳ ክንሰርሓም ኣሎና። እዚ ጸላታውን ኢንዱስትርያውን ትልሚ፡ ኣብ ወሽጢ'ቲ ሰፊሕ ስትራተጂ፡ ንምውህሃድ ጸጋታት ክዳለዉ ዘለዎም ዝርዝራት ንምንጻር ዝሕግዝ እዩ።

ብናተይ ኣረኣእያ፡ እዞም ፕሮጀክትታት ንሩስያ፡ ኣፍሪቃ፡ ቻይናን ካልኦት መሻርኽቲን ዋላ ካብ ኣፍሪቃ ወጻኢ – ላቲን ኣመሪካ፡ እስያ ክፉታት ክኾኑ የድለ። ንምትግባርም ድማ፡ ምውህሃድ ጸጋታት ክሓትት'ዩ።

እዛ ኣህጉር እዚኣ ከም'ቲ ዝተባህለ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 60 ሚእታዊት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት እትውንን እያ። እዚ 60 ሚእታዊት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ብደረጃ ጸላታውን ኢንዱስትርያውን ፕሮጀክትታት ክውደብ እንተኽኢሉ፡ ሽዑ ብዙሓ እዞም ፕሮጀክትታት ንምትግባር ዝተወሰነ ግዜን ዘድሊ ጸጋታትን ክንዛረብ ንኽእል። ፈደረሽን ሩስያ ድማ፡ ኣብ መንጎ ሩሲያን ኣፍሪቃን ዘሎ ስትራተጂካዊ ሽርክነት ዘድሊ ደገፉ ንምሃብ ኩሉ ኢንዱስትርያዊ መሰረትን ቴክኖሎጅን ከም ዘለዋ እተኣማመን እየ።

የቐንየለይ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ–

ምስ'ቲ ዝበልካዮ ምሉእ ብምሉእ እሰማማዕ'የ። ሎሚ ብዙሓ ናይ ቀረባን ማእከላይን ግዜ እንትዘይሓሰብና፡ ሓቐኛ፡ እወታውን ኣድላዪን ወጽኢት ክንረክብ ኣጸጋሚ ክኸውን'ዩ። ስለዚ ከምዚ ዝበለ ኣልያታት ስትራተጂያዊ ሽርክነት ንምፍጣር ኣገዳሲ ነገር'ዩ። ከም ናይ ጉድና መብራህቲ፡ ኣንፈት ምንቅስቓስና ዘርእዩና'ዩ። ብርግጽ ከቢድ ስራሕ'ዩ። ምስ ዓቕሚ ናይቶም ኣብ ካልኦት ዞባታት (ላቲን ኣመሪካ፡ እስያ) ዘለዉ መሻርኽትናን ፈተውትናን ክተጻጸሮ እንተደሊኻ ዚ ባይታ ንምፍጣር ዝሕግዝ ዝበለጸ መድረኽ ምስ ብሪክስ ምምኽኻር እዩ። ኣብዚ መሻርኽቲ ኣለዉና። ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ስለዘሎ፡ ምስ መሻርኽትና ብሪክስ'ውን እማመታትኩም ንምልላይ ብዛዕባ ክንዘራረብ ኢና። ከምኡ'ውን ብኸመይ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ዝፈጥር ኣገባብ ክንምህዘ ከም እንኽእል ክንሓስብ ኣሎና። እዚ ስራሕዚ፡ ብፍላይ ብዓውድን ብሃገርን ከቢድ ስራሕ'ኳ እንተኾነ፡ ፍሉይ ወጽኢት ክንረክብ እንተደሊና፡ ሎሚ ክንሓስበሉ ኣሎና። ምስኻ እሰማማዕ'የ።

ኣዝዩ ኣመስግን።

መራሕቲን ወከልቲን ኩሉን ዝተሳተፉ ሃገራት መደረታት ድሕሪ ምስማዕ፡ ከም ወጽኢት 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩሲያን፡ እዞም ዝስዕቡ ኣዋጃትን ስምምዓትን ተኸቲሞም፦

1. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩሲያን ኣፍሪቃን
2. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩሲያን ኣፍሪቃን ንምክልኻል ውድድር ኣጻዋር ኣብ ጠፈር
3. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩሲያን ኣፍሪቃን ንምትሕብባር ኣብ ዓውዲ ኣህጉራዊ ድሕነት ሓበሬታ
4. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩሲያን ኣፍሪቃን ንምሕያል ምትሕብባር ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ግብረሽበራ
5. ውጥን ስራሕ መድረኽ ምሕዝነት ሩሲያን ኣፍሪቃን 2023–2026

ብዘይካ'ዚ እዞም ዝስዕቡ ስምምዓት ተኸቲሞም፦

6. ኣብ መንጎ መንግስቲ ፈደረሽን ሩሲያን ኣብ መንጎ በይነመንግስታዊ በዓል-መዚ ንልምዓት (IGAD)ን ኣብ ንመሰረታዊ መትከላት ዝምድናን ምትሕግጋዝን ዝምልከት ስምምዕ
7. ኣብ መንጎ መንግስቲ ፈደረሽን ሩሲያን ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ማእከላይ ኣፍሪቃን (ECCAS) ንመሰረታዊ መትከላት ዝምድናን ምትሕብባርን ዝምልከት ስምምዕ።

ጎደኒ ጎደኒ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን፡ ዓርቢ 28 ሓምለ ሰዓት 8፡00 ምሸት ክልተኣዊ ርክብ ኣካይዶም። ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድና ኤርትራን ፈደረሽን ሩሲያን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ክህሉ ዝግባእ ምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያት ብሰፊሑ ዘቲዮም።

ኣብ'ቲ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይን፡ ብወገን ፈደረሽን ሩስያ ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሰርጌ ላቭሮቭ፡ ምክትል ሚስተር ጉዳያት ወጻኢ ሚስተር ቦግዳኖቭ፡ ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ዲሚትሪ ፐስኮቭን ኣምባሳደር ኢጎር ሞዝጎን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኩናት ሩሲያን



ዩክሬንን፡ ብኣመራርሓ ዝምርሑ ሓይልታት ምዕራብ ንዩክሬን ገሽል ብምግባር ንሩሲያ ኣንበርኪኾም ዓብላልነቶም ንምርግጋጽ ዝኣወጅዎ፡ ኣብ መንጎ ምዕራብን ሩሲያን ዝዐየድ ዘሎ ኩናት ምዃኑ ብምንጻር፡ እንተኾነ ነቲ ብሕትመት ባጢራ ክድግፍዎ ዝሓስቡ ዘለዉ ሰንከልከል ዝበለ ቀጠባኦም ኣዳኺሙ፡ ናብ ኣፈፊት ውድቀት ይወስዶም ከምዘሎ ገሊጹ።



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እትርከበን ዝተፈላለያ ሃገራት ዝበይንዎ ዘለዉ እገዳታት፡ መሳርሒ ናይ'ቲ ቁጠባዊ ዕብለላ ንምርግጋጽ ዝኽተልዎ ጉቡጥ ፖሊሲታት ከምዝኾኑ ዝሓበረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝብታት ዓለም ካብ'ዚ እኩቓቖራዊ ጉቡጥ ስርዓት ንምግልጋል ኣብ ዝቃለሱሉ ዘለዉ እዋን፡ ሩሲያ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦትን

ተሓቢሩ። እዚ ዝበድህ ስትራተጂ ብምሕንጻጽ ግቡእ ተራኣ ክትጻወት ከምዝጸንሐ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብድሕሪዚ፡ ኤርትራ ምስ ሩሲያ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ክህሉ ንእትደልዮ ምትሕግጋዝ ብዝምልከት ናታ ውዱእ ስትራተጂያዊ ውጥን ከምዘለዋ ብምብራህ፡ ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣበርቲዓ ከምእትጸቅጥ ኣረጋገጸ።

ፕረዚደንት ፑቲን ብወገኑ ምስ ኤርትራ ንምትሕግጋዝን ብሽርክነት ንምስራሕን ብወገን ሃገሩ ዝሎ ድልውነት ኣረጋገጸ።

ቀዳም 29 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ 'ትካል ጽገና ምሕዳስን ሄሊኮፕተራት ስፓርክ' ዑደት ኣካይዱ። ሓለፍትን ክኢላታትን ናይ'ቲ ትካል ድማ፡ ብዛዕባ ንጥፈታት ናይ'ቲ ትካል ሰፊሕ መብርሂ ሂቦምዎ። ብድሕሪዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ምስ ዲሚትሪ ሳቬሌቭ - ምክትል ኣቦ መንበር ታሕተዋይ ባይቶ ሩሲያ ማለት 'ዱማ' ተራኺቡ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ዘቲዩ።

ሚስተር ሳቬሌቭ፡ ንመርኾ ኤርትራ ኣብ ኩናት ዩክሬን ብስም ባይቶ 'ዱማ' ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ምስ ኤርትራ ዘሎ ዝምድና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ንምግባሩ፡ ካብ 'ዱማ' ዝቘመ ጉጅለ ናብ ኤርትራ ምብጻሕ ክፍጸም መደብ ከምዘለዎም ገሊጹ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡ 'ዱማ' ወሳኒ ኣካል መንግስቲ ብምዃኑ፡ ተራ ሩሲያ ኣብ ዓለማዊ ጉዳያት ንምምእዛን ኣበርክቶኡ ክዓዝዝ ብምዝኽኻር፡ ናብ ኤርትራ ክበጽሑ ዝሎዎም መደብ ኤርትራ ብሓጎስ ከምእትቕበሎ ኣረጋገጸ።

ሰንበት 30 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ብዘዘበሮሉ ዕድመ፡ ኣብ ሃገራዊ መዓልቲ ሓይሊ ባሕሪ ፈደረሽን ሩሲያ ተሳቲፉ። ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ዝተኻየደ ጽንብል፡ 45 መራኽብ፡ ሳብማሪናትን ልዕሊ 3 ሽሕ ሰራዊትን ዝተሳተፍዎ፡ ንታሪኻን ዓቕሚን ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያ ዘጸብርቕ ምርኢት ቀረበ።

ምምስራት ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያ፡ ጻር ጴጥሮስ ቀዳማይ (ጴጥሮስ ዓቢ) ብ1696 ዘውዲ ኣብ ዝደፍኣሉ'ዩ ጀሚሩ። ጻር ጴጥሮስ ቀዳማይ ግዝኣቱ ከስፍሕ ስለዝደለ፡ ንደቡብን ንምዕራብን እናጠመተ፡ ሩሲያ ሓይሊ ባሕሪ ከምዘድልያ ኣስተውዓለ። እዚ ድማ፡ ንንግድን ዳህሳስን ዕድላት ዝሁብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንከም ኦቶማንን ሽወደናውያንን ዝኣመሰሉ ሓይልታት ንምብዳህ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። ጻር ጴጥሮስ ቀዳማይ፡ ሓይሊ ባሕሪ ምህናጽ ክጅምር ሃንቀውታ'ኳ እንተነበሮ፡ ናብ ወደባት እኹል መእተዊ ኣይነበሮን። ብ1696 ከኣ ኣዲንቱ ኣብ ባሕሪ ኣዞቭ ኣብ ዝርከብ ዕርዲ ኦቶማን ብምቕማጥ፡ ኣብ ቮሮነዝ ዝርከብ ትካል ስራሓት መራኽብ 'ፍሎቲላ' ክቐውም ኣዘዘ። እቲ ወፍሪ ኣይተዓወተን፡ ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያ ግን ተወሊዱ።

ብዕድመ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ካብ 27-28 ሓምለ ኣብ ዝተቓነዐ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ሩሲያን ንምስታፍ ብ26 ሓምለ ናብታ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኤውሮጳ እትርከብን ብቬኒስ ሰሜን እትፍለጥን ከተማ ሴይንት-ፒተርስበርግ ዘቐነዐ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሰኑይ 1 ነሓሰ ሰዓት 7፡30 ምሸት ኣስመራ ኣትዩ።



# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

መበል 43 ክፋል

“ዓምዲ ሓሳባት” ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?” ብዝብል ኣርእስቲ ሲራክ ክፍለ ካብ ኖርወይ ዘዳለዋ ዘይተሓትመት መጽሓፍ ብተኸታታሊ ከተቕርበልኩም ምጽንሓ ዝፍለጥ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ እዛ ኣገዳሲት መጽሓፍ፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ወጻኢ ሃገር ተሓቲማ ተዘርጊሓ ምህላዋ ክንሕብር ንደሊ። ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብ8 ሓምለ 2022 መበል 42 ክፋል ሒዛ ድሕሪ ምቕራባ ንግዜኡ ኣቋሪጻ ጸኒሓ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት “ኣቓውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ፡ ንኣቓውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማል ድሕሪ ምምልካት ናብ “ኣቓውማ ሃገረ ኢትዮጵያ” ሰገሩ ሰለስተ ክፋላት ኣቕሪባ ነይሩ። ኣብ ሳልሳይ ክፋል ኣቓውማ ሃገረ ኢትዮጵያ ሃጸይ ምኒሊክ ምስ ኢጣልያ ዘየደ ቀዳማይ ውግእ ዓድዋ ተመልኪታና ናብ ካልኣይ ውግእ ዓድዋ ሰጊርና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–

### ካልኣይ ውግእ ዓድዋ

ናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ ከም ዝብልዎ፡ ኣብ ለካቲት 1896 ሰራዊት ኢጣልያን ሃጸይ ምኒሊክን ኣብ ከባቢ ዓድዋ ተፋጢጦም ኣብ ዝነበርሉ፡ ሰራዊት ሃጸይ ምኒሊክ ሰንቂ ክሓጽሮም ጀሚሩ ነይሩ እዩ። በዚ ድማ ኢጣልያዊ ጀነራል ባርያተሪ ሰራዊት ሃጸይ ምኒሊክ ብሕጽረት መግቢ ፋሕፋሕ ክብልዩ ዝብል እምነት ነይሩዎ። ግዜ ኣንጻር ሃጸይ ምኒሊክ ምኻኑ ተገንዚቡ ድማ ነጸበ መረጸ። ይኹንምበር ኣብ ሮማ ዝነበረ መራሕቲ፡ ንሓይሊ ሃጸይ ምኒሊክ ኣነኣእሱ ብምርኣይ ከጥቅዕ ይደፋፍእ ነበሩ። በዚ ድማ ጣልያን ንሃጸይ ምኒሊክ ምሒር ኣነኣእሶም ይርእይዎ ብምንባሮም ንዓቢ ውግእ ዝተዳለዉ ኣይመስሉን። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ኣብ 1895 ዝነበሮም ጠቕላላ ባጀት 360,000 ፓውንድ እዩ ነይሩ (ጸሪሑ 520,000 በጺሑ)። እዚ ባጀትዚ ብኣንጻር ብሪጣንያ ንሃጸይ ቴዎድሮስ ንምጥቃዕ ዝሰለዐቶ ባጀት 9 ሚልዮን ፓውንድ ጥራይ ዘይኮነ ምስቲ ብሪጣንያ ንሃጸይ የሃንስ ዝበደረትሉ ልዕሊ 500,000 ፓውንድ ዝዋጋእ ንብረት ክሰኣር እኳ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ነይሩ። በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ጣልያን ሃጸይ ምኒሊክ ሰፍን ጓንዴን ዝዓጠቐ እንተበዝሐ 30,000 ሰራዊት እዩ ዘሎዎ ዝብል ኣዝዩ ግጉይ ግምት ነይሮም። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይነበረን። ሃጸይ ምኒሊክ ድሕሪ ምፍራም ውዕል ውጫሌ ዝበዝሐ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ተቖጻጺሩ ልዕሊ 100,000 ሰራዊት ኣሰሊፉ ጥራይ ዘይኮነ ልዕሊ 80,000 ዘመናዊ ብረትን 42 መዳፍዕን ነይሩዎ እዩ። ክሊላታት ካብ ሩስያ ብምምጻእ'ውን ሰራዊቱ ዘድለ. ስልጠና ከም ዝረኽቡ ገይሩ ነበረ።

ድሕሪቲ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ናይ እምባ ኣላጀ፡ ባራያተሪ እቶም ዘጥቅዑ ልዕሊ 30,000 ምንባሮም ሰሚዑ፡ ኩሉ ዠምጋሙ ጊጋ ምንባሩ ተገንዘበ። በዚ ድማ ሀጹጽ ረድኤት ካብ መንግስቲ ጣልያን ሓተተ። መንግስቲ ጣልያን ሓገዝ ልኢኽምሉ ግን እቲ ረዳት ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ድሮ ውግእ ዓድዋ ኣብ ወሸጠ. ክልተ መዓልቲ ተወዲኡ ነይሩ።

ድሕሪ ዓወት እምባ ኣላጀ፡ ሰራዊት ሃጸይ ምኒሊክ ንመቐለ ኣጥቂዖም፡ ግን ኣይተቖጻጸሩዋን። ድሕሪ ናይ 45 መዓልቲ ጃኖ፡ ሰራዊት ጣልያን ካብ መቐለ ክወጹ ሃጸይ ምኒሊክ ፈቒዱሎም፡ ነገራት ብሰላም ክፍትሐሉ ከኣ ጸውዒት ናብ መንግስቲ ጣልያን ኣቕረበ። ናይ ሃጸይ ምኒሊክ ጠለብ፡ ከም ልኡላዊት ሃገር ክፈልጥዎ ጥራይ ነበረ። ገለ ጸሓፍቲ ከም ዝብልዎ ሃጸይ ምኒሊክ እንተላይ ትግራይ ንጣልያን ክበድረሎም ቀሪቡዩ ነይሩ። ይኹንምበር መንግስቲ ጣልያን ንሸዋ እውን ኣብ ትሕቲና (protectorate) ክትከውን ኣለካ ኢሉም ዕጭ ስለ ዝበሉ ዘተ ሰላም ተቛሪጹ።

መንግስቲ ጣልያን ንስዕረት እምባ ኣላጀ ክቕበሎ ኣይከኣለን። ኣብ ወርሒ ለካቲት 1896 ከኣ 800,000 ፓውንድ ባጀት ብምስላዕ ነቲ ኣብ ውግእ እምባ ኣላጀ ዘዋረደም ጀነራል ባራትየሪ ዝተካእን ንሃጸይ ምኒሊክ ዝቖጽዖን ሓደሽ ጀነራል ባልዲሰራ ኣበገሶም። ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ግን ባልዲሰራ ውግእ ዓድዋ ምስ ተወደአ እዩ ባጽዕ በጺሑ።

ጀነራል ባርያተሪ ንጸላኢኡ ኣነኣእሱ ብምርኣዩ ኣብ ውግእ እምባ ኣላጀ ተቐጺዑ። ከም ምኩር ተመሃራይ ቅዲ ኩናት ድማ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓይሊ ሃጸይ ምኒሊክ ምስተገንዘበ እቲ ፋብያኒ ስትራተጂ ዝብልዎ ስልቲ ክጥቀም እዩ ወሲኑ። (ፋብያኒ ስትራተጂ፡ ናይ ሮማውያን ኪንክቶ ፋብዩስ ማክሲመስ 218-202 ቅ.ሓዝ ዝነበረ መራሒ. ዝጥቀመሉ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ዝልጽ ኮይኑ፡ ኣብ ግዜና ደባይ ውግእ ንብሎ እዩ)። ይኹንምበር ቀዳማይ ሚኒስተር ክርስፒ፡ ቅልጡፍ ሕነ ምፍዳይ ናይ እምባ ኣላጀ ስዕረት ስለዝደለዩ ንጽናሕ ንዝብል መርገጺ. ጀነራል ባርያተሪ ምስማዕ ኣበዩ።

ባርያተሪ በቲ ሓደ ሸነኽ ክርስፒ ካብ ሮማ እናደፋፍኦ በቲ ካልእ ሸነኽ ኣብ ቅድሚኡ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓይሊ ሃጸይ ምኒሊክ ቀሊል ዘይምኻኑ ተረዲኡ፡ ዓቕሉ ጸበቦ። ከም ናይ መጨረሻ ኣማራጺ. ድማ፡ ነቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝነበሩ ኣርባዕተ ላዕለዎት ሓለፍቲ ጸዊዑ፡ ‘ክንጽበ? ነጥቅዕ?’ ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ‘እንተ ኣዚኺቻና ሰራዊት ምኒሊክ ብጥምየት ቦታኡ ክምለስ እዩ፡ ንዋጋእ እንተ ኢልኩም ከኣ ሃየ!’ ዝሰምዕ ምርጫ ብ28 ለካቲት 1896 ሃቦም። ናይ ካልኣይ ብርጌድ ሓላፊ ጀነራል ዳብሮሚዳ ‘ምዝላቕ ጨሪሹ ዘይሕሰብ እዩ፡ መንግስቲ ጣልያን እንተኣብ ከዝልቕ ዋላ 2,000-3,000 ወተሃደር እንተኸፈልና ይመርጽ፡ ምዝላቕ ከኣ ሞራል ሰራዊትና ክስብር እዩ’ ክብል ብቑጥዐ መለሰ። ንሱ ሰዒቡ ጀነራል ኣልበርቶኒ ‘ድሮ ክልተ ራእሲታት ምኒሊክ ምስ ሰራዊቶም ኣዝሊቖም ኣለው፡ እቲ ዝተረፈ. ሰራዊት ምኒሊክ ጠሚዩን ሞራሉ ወዲቑን እዩ ዘሎ፡ ንዋጋእ በሎ!’ እቶም ዝተረፉ ክልተ ጀነራላት ከኣ ‘ንዋጋእ’ በሉ። ጀነራል ኣልበርቶኒ ኑታ ብኤርትራውያን ዝቖመት ብርጌድ እዩ ዝመርሕ ነይሩ። ገለ ናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ ከም ዝብልዎ፡ ንጀነራል ኣልበርቶኒ ግጉይ ሓበሬታ ዝሃብዎ ኤርትራውያን ምኻኖም ይገልጹ። ኣብቲ ግዜቲ ኤርትራውያን ብኣድልዎን ኣታሓሕዛን መግዛእቲ ጣልያን ሕጉሳት ብዘይምንባሮም፡ ውድቀት ጣልያን ክርእዩ ምድላዮም ክኣመን ዝኽእል ዘረባ እዩ።

ጀነራል ባርያተሪ ንጽባሒቱ 29 ለካቲት 1896 ብዘዩ ወጋሕ ሕደር ከጥቅዕ ወሰነ፡ ውሳኔ ባርያተሪ ከኣ ኣብ ወሸጠ. ሰዓታት ንሃጸይ ምኒሊክ ተነገሮ። ንሃጸይ ምኒሊክ ክዓሎ ዝሓበርዎ ኤርትራውያን ምኻኖም ይንገር።

ብወገኖም ራእሲታት ሃጸይ ምኒሊክ እውን ትጸበት ሃዲሓና፡ ሰራዊትና ጠሚዩ ነጥቅዕዶ ንሓብ እናበሉ ዝማኽሩሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ኮይኑ ግን ባርያተሪ ብቕጽበት ከጥቅዕ ምኻኑ ምስ ተሓበርዎ፡ ዓሪዶም ተጸበዩዎ። ጣልያን ብ29 ለካቲት 1896 ለይቲ መጥቃዕቲ ጀሚሩ፡ ኣብ ወሸጠ. ክልተ መዓልቲ ከኣ ብዘሕፍር መልክዕ ተሳዒሩ።

ውግእ ዓድዋ ብኹሉ ወተሃደራዊ መዐቀኒታት ናይቲ ግዜ'ቲ ግርንቢጥ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተገብረ ውግእ ኤውሮጳውያን ዋላ ውሑድ ሰራዊት ይሃልዎም፡ ብዘዕዝዝ. ኣድ ዝሓሸ ብረትን ክኢላ ሰራዊትን እዮም ዘሰልፉ ነይሮም። ኣብ ውግእ ዓድዋ ግን ከምኡ ኣይነበረን። ኣብቲ ውግእ ሃጸይ ምኒሊክ፡ 15 ሩስያውያን ኣማኸርቲ፡ 80,000 ዘመናዊ ጠበንጃ ዝዓጠቐ ሰራዊት፡ 20,000 ሰፍን ጉራዴን ዝሓዘ፡ 42 ዘመናዊ መዳፍዕን ኣሰታት 8,600 ኣፍራሰን ኣሰሊፉ ነበረ። ብኣንጻሩ ጣልያን 14,519 ሰራዊት፡ ካብዚኦም 4,076 ኤርትራውያን ዓስከር፡ ኣረጊት ጠበንጃ ዝዓጠቑ፡ 56 ናይ ጎቦ ፍኹስ ዝበለ መዳፍዕ ሒዙ እዩ ተዋጊኡ።

ክሳራ ሃጸይ ምኒሊክ ኣሰታት 3,900 ምውታትን 8,000 ውግኣትን ኮይኑ፡ ጣልያን ኣሰታት 6,400 ምውታትን ልዕሊ 1,400 ውግኣትን ኣሰታት 3,000 ጣልያንን 800 ኤርትራውያንን ምሩኻት ከፊሉ። ጀነራል ዳቢሚዳን ጀነራል ኣሪሞንዲን ኣብቲ ውግእ ተቐቲሎም፡ ጀነራል ኣልበርቶኒ ከኣ ተማሪኹ። ኣብቲ ውግእ ሃጸይ ምኒሊክ ኣሰታት 11,000 ጠበንጃን ብምሉኡ ከበድ ብረት ጣልያንን ማሪኹ። ልዕሊ. ኩሉ ድማ እቶም ናቱ ዓስከር ብድሕሪት ስለዘጠቑ ካብ ናቱ ሰራዊት ዳርጋ ከይከበለ እዩ ተዓዊቱ።

ድሕሪ ውግእ ዓድዋ፡ ሃጸይ ምኒሊክ ንምሩኻት ጣልያን ተኸናኺኑ ክሕዞም እንከሎ፡ ነቶም 800 ምሩኻት ኤርትራውያን የማናይ ኢዶምን ጸጋማይ እግሮምን ቆሪጹ ደርቢዩዎም። ነዚ ኣመልኪቱ ኣገስቶስ ዝተባህለ ናይ ዓዲ. ምዕራብ ከምዚ ክብል ጸሒፉ–

“Augustus Wylde records when he visited the battlefield months after the battle, the pile of severed hands and feet was still visible, “a rotting heap of ghastly remnants.” Further, many Ascari had not survived their punishment, Wylde writing how the neighborhood of Adwa “was full of their freshly dead bodies; they had generally crawled to the banks of the streams to quench their thirst, where many of them lingered unattended and exposed to the elements until death put an end to their sufferings.”

ብሓጺሩ ክትርጎም ከሎ፡ “ሓደት ኣዋርሕ ድሕሪ እቲ ውግእ፡ ኩምራ ዝተቖርጸ ኣእዳውን ኣእጋርን ብሩዩ ከምዝረአየ ኣገስቶስ ሰኒዱ። ብዙሓት ካብቶም ኢዶምን እግሮምን ዝተቖርጸ ረዲኤ. ስኢኖም፡ ብጽምኢ. ማይ ኣብ ከባቢ. ዓድዋ ፈቐድኡ ከም ዝሞቱ ድማ ይምስክር።”

ሓደት ካብቶም የማናይ ኢዶምን ጸጋማይ እግሮምን ዝተቖርጹ፡ ብዘይ ረድኤት ዶብ ኤርትራ ምስ በጽሑ፡ ንኣስመራ ተወሲዶም ኣብ ደገዝቶ ከም ዝሕክሙ ተገይሩ።

ሃጸይ ምኒሊክ ድሕሪ ውግእ ዓድዋ ንሸዋ እዩ ተመሊሱ። ድሕሪ ዓቢ. ታሪኻዊ ዓወት ዓድዋ ሃጸይ ምኒሊክ ንምንታይ ንሸዋ ተመሊሱ ኣዝሪብ. ኣርእስቲ እዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝተየረ ሓይሊ. ንቕድሚት ብምቕጻል ዝተፍሓ መሬት ንምሓዝ እዩ ዝኾዮኾ። ገለ ጸሓፍቲ፡ ሰራዊት ሃጸይ ምኒሊክ ብጥምየት ተዳኺሞ ስለ ዝነበረ ዓቕሚ ኣይነበሮን ይብሉ። ካልኦት ከኣ ቀንዲ. ድልየት ሃጸይ ምኒሊክ፡ ነቲ ናይ ውጫለ ውዕል ምስራዝን ልኡላውነት ኣበሲንያ ብዘረጋግጽ ውዕል ምትካኡን ጥራይ ስለ ዝነበረ ኣይቀጸለን ይብሉ። ምናልባት'ውን በሊሕ ስትራተጂያዊ ውሳኔ ክኸውን ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ንኢጣልያ ጥራይ ዘይኮነ ስዕረት ውግእ ዓድዋ ንመላእ ኤውሮጳ ዘሰንበደ ብምንባሩ ኣይገድፉንን እዮም ዝብል ጥርጣረ ደሪኹዎ ክኸውን ይኽእል። ብርግጽ ከም ዝፍለጥ ጀነራል ባልዲሰራ ዝመርሖ ረዳት፡ ሓደት መዓልታት ድሕሪ ውግእ ዓድዋ ብ5 ለካቲት 1896 ባጽዕ በጺሑ ነይሩ እዩ።




Photo 12. Luigi Naretti, “Massawa. The Askari mutilated by the Abyssinians at Abba Garima”, 1896.

ድሕሪ ውግእ ዓድዋ ብዳግማይ ሃጼይ ምኒሊክን ራስ ኣሉላን ኢዶምን እግሮምን ዝተቖርጹ ምሩኻት ኤርትራውያን

ጀነራል ባርያተሪ ሰራዊቱ ክሃድምን ክህድንን ምስ ረአየ ንኣስመራ ሃዲሙ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኢጣልያ ክርስፒ፡ ስዕረትን ውርደትን ውግእ ዓድዋ ብሸኺ. ድኹም ቅዲ ኩናትን ግዕዙይ ምሕደራን ባርትየሪ ብምምሳል፡ ንባርያተሪ ኣብ ቤትፍርዲ ኣስመራ ኣቕረቦም። ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግዝኣት ጣልያን ግን ነቲ ክሲ ብምንጻግ ንባርያተሪ ናጻ ለቒቑ ግን ከኣ ረፊትዎ። በዚ ከኣ ናይ ባራትየሪ ነዊሕ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ኣብቂዑ።

ዘሕፍር ስዕረት ውግእ ዓድዋ ግን ሓደ ጀነራል ብምኽሳስ ዝዕጾ ኣይነበረን። ህዝቢ. ጣልያን ነዚ ዓቢ. ውርደት ብምቅዋም፡ ፓርላማ ጣልያን ንቀዳማይ ሚኒስተር ክሪስፒ ኣውሪዱ፡ ብማርክስ ሩዲኒ ተኪእዎ። ቀዳማይ ሚኒስተር ሩዲኒ ከኣ ክብረት ኢጣልያ ክዕቅብን ግዝኣት ኤርትራ ከረጋግጽን 5.6 ሚልዮን ፓውንድ ሰለፀ። እዚ ባጀትዚ ልዕሊ. 10 ዕጽፊ ካብቲ ባጀት ግዝኣት ኤርትራ ዝነበረ እዩ።

ድሕሪ ውግእ ዓድዋ፡ ጀነራል ባልዲሰራ 4 ንጹር መምርሒ. ተዋሂቡ–

1. ነቶም ፋሕ ብትን ዝኣተዎም ሰራዊት ጣልያን ኣኻኺቡ 4 ብርጌዳት ክቐውም

2. ነቲ ኣብ ዓዲ. ግራት ተሪፉ ዝነበረ ሰራዊት ጣልያን ክሰሕብ (ሃጸይ ምኒሊክ ኣብ ዓድዋ ተዓዊቱ፡ ዓዲ. ግራት ግን ኣይተቖጻጸራን)

3. ብ5,000 ሰራዊት ድርቡሽ ተኸቢቡ ዝነበረ መዓስከር ከሰላ ክቆጻጸር (ኣብቲ ግዜቲ ከሰላ ክፋል ግዝኣት ኤርትራ እያ ነይራ)

4. ናይ ውግእ ዓድዋ ምሩኻት ምፍታሕን ምስ ሃጸይ ምኒሊክ ሓደሽ ውዕል ምፍራምን።

ሃጸይ ምኒሊክ ንሸዋ ቅድሚ ምምላሱ፡ ከጥቅዕ ይቀራረብ ኣሎ ተሰሚዑ ስለዝነበረ፡ ጀነራል ባልዲሰራ ብ12 መጋቢት 1896 ናብ ሃጸይ ምኒሊክ ልኡኽ ሰደደ። ሃጸይ ምኒሊክ ነቲ ልኡኽ ብምእሳሩ ውግእ ዝቐጽል መሰሉ ነበረ። ይኹንምበር ኣብ መወዳእታ መጋቢት ብዘይካ ሰራዊት ራእሲ. መንገሻ ኩሎም ራእሲታት እንተላይ ሃጸይ ምኒሊክ ቦታኦም ክምለሱ ጀሚሮም።

ሃጸይ ምኒሊክ ኣዲስ ኣበባ ንኽምለስ ልዕሊ. ክልተ ወርሒ. ወሲዱሉ። ኣብ ምምላሱ ኣብ ወሎ መጥቃዕቲታት ኣጋጢምዎ፡ ዳርጋ ምስ ምሉእ ሓይሉ ብምንባሩ ግን ብዙሕ በዳሂ. ውግእ ኣይገጠሞን።

ንገለ ኣዋርሕ ሱቕ ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ23 ነሓሰ 1896 ንዕረዚ. ልኡኽ ኢጣልያ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ሃጸይ ምኒሊክ ሰላም ንኽገብር ክልተ ጠለብ ከም ዘሎዎ ተሃገረ፡ (1) ውዕል ውጫሌ ክስረዝ (2) ኢጣልያ ልኡላውነት ኢትዮጵያ ክትቅበል። በዚኸኡ ኣብ ወሸጠ. ክልተ ወርሒ. ስምምዕ ተበጺሑ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን መዕለቢ. ረኸበ።

ምሩኻት ኢጣልያውያን ብጀብሆቲ ጊዮርጊስ ንሃገሮም ክምለሱ መንግስቲ ጣልያን 400,000 ፓውንድ ከፊሉ። 1705 ምሩኻት ኢጣልያ ዓዶም ተመሊሶም፡ እቶም ምስኦም ኮይኖም ዝተዋግኡ ኤርትራውያን ምሩኻት ኢዶምን እግሮምን ተቖሪጹ ተደርብዮም። ሃጸይ ምኒሊክ፡ ንምሩኻት ብቐጠባዊ. ረብሓ ዝርእዮም ዝነበረ ይመስል።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ወድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | Tech Insight |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:50 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ለይቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባርንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን እንታይ'ዩ፧

ናይ ሓደ መጽሓፍ ትሕዝቶ፡ ብዘሰንቐካ ፍልጠት ጥራይ ኣይኮነን ዝዕቀን፣ ክሳብ ክንዲ ምንታይ ክትሓስብ ደሪኹካ'ዩ ኣውራ ኣገዳስነቱ። ብቻርለስ ሃንዲ ዝብሃል ጸሓፋይ ዝተጻሕፈት "ዘ ኤጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ትብል መጽሓፍ ከንብብ ቀንየ። ብሓፈሻ እታ መጽሓፍ ኣብዛ ተለዋዋጢት ዓለም ከም ሰባት ብኸመይ ብቐዓትና ብቐጻሊ ከነረጋግጽ እንታይ ክንገብር ኣለና እተተምብህ እያ። ንሎሚ ግን "ምህሮን ለውጥን" ንመንእሰይ ዝገድስ ኣምር ኰይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ ኣብ ሓንቲ ምዕራፍ ናይታ መጽሓፍ ተደሪተ መረዳእታይ ወስ ከብል።

ብኣበሃህላ ቻርለስ ሃንዲ ምህሮ ብቐጽበት ዝጥረ ጸጋ ኣይኮነን። ምህሮ በቲ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ንኽልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ጥራይ ዝዕቅን መርመራ ኣይኮነን ዝግለጽ። ምህሮ ማለት ሓንጐልካ ምምጣጥ፡ ናይ ህይወት ልምድኻን ብዛዕባ ነገራት ዘለካ ኣተሓሳስባን መገዲ ዕብየትካን ምቕያር ማለት እዩ። ምህሮ ተመኩሮኻ ብምዝያድ ትብጽሖን ትፍትኖን እዩ። ምህሮ ክተጥሪ ጸዓት፡ ሓሳባት፡ ትብዓትን ደገፍ ገዛእ-ርእስኻን የድልዩ። ምህሮ ማለት ኑቶም ኣብ ደረጃ ሓሳብ ጥራይ ዝደምቁ ጥሙሕ ዘይብሎም፡ ሓርጐጽጐጽ ሞያኦም ዘይጻወሩ፡ ብእኡ መንጽር ተመኩሮ ዘይድልቡ ምሁራን ኣይውክልን እዩ። ብቐንዱ ምህሮ ማለት ካልኦት ኣቐዲሞም ናይ ዝረኸብዎ ፍታሕ፡ ግድላት ምፍላጥ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ሽግር ገዛእ-ርእስናን ሕብረተሰብናን ምርዳእ፡ ንገዛእ ጥቕምናን ዕላማ ሕብረተሰብናን ምጽዓርን፡ እቲ ፍታሕ ኣካል ህይወትና ምዃኑ ምግንዛብን ማለት እዩ።

ምህሮ ክንዲ ኣገዳስነቱ ዝኸውን ትርጉምን ኣገላልጻን ስለ ዘለዎ ኢና ብዛዕባ ትርጉም ምህሮ ሓደ ሕጥቦ ጽሑፍ ወዲእና። ብቐንዱ ምህሮ ዘገድሰና ቀንዲ ደራኺ ለውጢ ስለዝኾነ። ወዲ-ሰብ፡ ብፍላይ መንእሰይ፡ ከም ለውጢ ገይሩ ዝብህን የብሉን። ኩሉ ጻዕርና'ውን ንለውጥን ምምሕያሽን እዩ። ብቐልጣፈን ስፍሓትን ግን ኣይከም እዋንና። ብፍላይ ሕንባበ ቴክኖሎጂ ዝፈጠሮ፡ ንዓና ንመንእሰያት፤ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ናብራን ስድራቤትን፡ ኣብ ምጽባብ ጆግራፍያዊ ራሕቅን ግዜን ብዙሕ ነገር ካብ ኣያታትናን ወለድናን ተለዊጡና ኣሎ። ኣብዛ ቀጻሊ ለውጢ ዝውሕጣ ዘሎ ዓለምና ከም ሰብ ክትህሉ፡ ክትማሓየሽ፣ ከም ዜጋ ከተበርክት ቀጻሊ ክትምሃር፡ ክትምኩር፡ ክትምዕብል የድልየካ። ምኽንያቱ ዓለምና ሓደን ብሉጹን ዝብሃል መልሲ ስለ ዘየብላ፡ ኣብ ግብራዊ ህይወትን ስራሕን ዘጋጠመካ ተመኩሮ ንምምሕያሽ፡ ንምፍታሕ ኣብ ህይወትን ስራሕን ዝቐሰምካዮ ምህሮ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ዝተወለድካሉ እዋንን ኣብ ስራሕ ዝጸናሕካሉ ዓመትን ብቐጻሊ ሽግር ናይ ምፍታሕ ተመኩሮ እንተ ዘይደሊብካሉ፡ ኣብ ዓንኬል ምህሮ ዝጽብጸብ ኣይኮነን።

ክሩሽ ሒዙ ኣብ ሰሌዳ መጺኡ ዝምህረና መምህር፡ ኩሉ ግዜ የድልየና ድዩ? ኣብ ንኡስ ዕድሜናን ኣካድምያዊ ደረጃና ከነማሓይሽ ኣብ እንካይዶ ጻዕርን ብርግጽ የድልየና እዩ። ዝያዳ ግን ተበግሶና፡ ስራሕና ዝፈጠሮም ብድሆታት እንረኽቦ ተመኩሮታት ክንምሃር ክንሓስብ ምኽእል'ዩ 'ምህሮ' ንብሎ ዘለና። ኣብ ኣካዳሚ ትምህርቲ ዝቐርበልካ ግድላት፡ ድሮ ፍታሕ ዝረኸቡ ግድላት ምዃኖም ዝዓበየ ድርቱነቱ'ዩ።

ቻርለስ ሃንዲ ንምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን ኣርባዕተ ክፋል ዘለዎ ዓንኬል ወይ ክቢ ገይሩ'ዩ ዝገልጾ። ንምህሮ ከም ዓንኬል ገይርና ንርእየሉ ምኽንያት፡ ምህሮ ኣብ ምንባር ዝኽሰት መዛዘሚ ዘይብሉ፡ ዑደት ቀጻሊ ምውህላል ተመኩሮ ስለ ዝኾነ'ዩ። ከም ሓቂ ግን መብዛሕትና ኣብ ጉዕዞ ህይወት ብቐጻሊ ዘይኮንና ንመሃር፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ምስ በጻሕና ደውታ ወይ ምዕጋት የጋጥመና እዩ።

እዛ ሕቶ፡ ክልሰ-ሓሳብ፡ ፈተነ፡ ትግባረ ዝትሕዝቶኣ ዓንኬል ምህሮ፡ ኣብ ህጻንነትናን ቍልዕነትናን ጥራይ ዝያዳ ፈጣንን ምሉእ ዑደትን እትገብር። ቀጻሊ ዝመሃሩ ህጻናት ዘልዕልዎም ሕቶታት፡ ክፈትሕዎም ህርድግ ዝብሉ ወጥርታት፡ ካብ ምንቅስቓስ ክሳብ ዓቕሚ ተጻዋርነቶም ዘሎ ድሩትነት ወሲኽካ ዝገጥሞም ብድሆታት ብዙሕ ስለ ዝኾነ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ናይ ህጻንነት ዕድሜና፡ ኣብ ምህሮ ብንጡፍ ንኽደሉ ዕድመ ዝኾነሉ ምኽንያት ናይ ገዛእ-ርእስና ሕቶታት ስለ ዘበዝሑና እዩ። ከባቢና ክንህውስ፡ ቋንቋ ክንመልኽ፡ ቅኑዕን ግጉይን ክንፈሊ፡ ወዘተ. ስለዘለና፡ ኣብ ምሁሮ ንጡፋት ንኸውን። ከምቲ "ኣድላይነት፡ ኣደ ማህዘነት እዩ፡" ዝብሃል፡ ህንጡይነት'ውን ኣደ ርኽበት ማለት እዩ። ክንዲ ሰብ ምስ ኣኸልካ ግን ልዕሊ መልሲ፡ ሕቶ ጥራይ ዝምስጠካ ሰብ ክይትኸውን ትኩር ምዃን የድልየካ።

ኣብ ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን፡ ሕቶ ክትሓትት ድሕሪ ምኽኣል፡ መልሲ ዝበልካዮ ክልሰ-ሓሳብ ምፍላጥ'ዩ ዝስዕብ። ክልሰ-ሓሳብ ክብሃል ከሎ ግድን ኣይኮነን ብኣስማት ህቡባት ሰባት ክስነ። ክልሰ-ሓሳባት ማለት'ኮ ብድሆታት ኣብ ምምላስ ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓሳባት ምምዕባል ማለት'ዩ። ከም ሓቂ'ውን ክልሰ-ሓሳባት፡ ሕቶ ከነብግሰን ከነብስልን እምበር መልሲ ክንረክብ ኣይኮናን ክነልዕሎም ዘለና። ስለዚ ክልሰ-ሓሳባት እኹላት ስለዘይኮኑ ክፍተኑ'ዩ ዘለዎም። ኣብ ፈተነ ግን፡ ናይ ሕቶን ክልሰ-ሓሳብን ዓወት ወይ ፍሽለት ይረጋገጽ። ካብዚ ሳልሳይ ክፋል 'ዓንኬል ምህሮ፡' ምፍታን፡ ብፍሽለት ይኹን ብመልሲ ምህሮና እናተደርዐ ይኸይድ። ዝቐሰምናዮ ምህሮ እናኣንጸበረቕና ኸኣ ድልየትና፡ ዕላማና፡ ስራሕና፡ ዘንብረልና ሓላፍነት ከነተግብር ንነጥፍ። ኣብ ህይወትና ዝኽሰት ለውጢ ስለምንታይ ተኸሲቱ ዘይርድኣና እንተ ኾይኑ፡ ለውጢ ክንዕቅቦ ኣይንኽእልን ኢና። ብሓጺሩ እቲ ቁምነገር ዓወትካ ምጽብጻብ ዘይኮነ፡ ንዓወትካ ቀጻልነት ዝህቦ ስለምንታይ ተዓዊትካ ክትርጉሞ ምፍታንን ክልሰ-ሓሳብ ኣላቢስካ ምግላጽን'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስነ-መጎት ናይ ዓወት፡ እቲ ኣውራ ኣገዳሲ ዝተጓናጸፍካዮ ዓወት ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣድማዕነትካ ክትዕቅብ ዘኽእለካ ተመኩሮ ተገንዚብካዮዶ ኣይተገንዘብካዮን እዩ። እዚ ኸኣ ክባዊ ዑደት ናይ ምህሮ ብግቡእ ኣዘውቲርናዮዶ ኣየዘውተርናዮን እዩ መምዘኒኡ።


ዓንኬል ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ኣብ ደረጃ ሕቶ፡ ክልሰ ሓሳብ፡ ፈተነ ወይ ትግባረ ደው ክትብል ትኽእል እያ። ዓንኬል ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ደው ትብል ግን ምሕታት ምስ ኣቋረጽካን ምፍታን ምስ ተሓለልካን እያ። ኣብ ህይወትካ ናይ ዘይቅየር ሓቅታት (facts) ኣናዳዪ ምዃን ብዙሕ ፈሊጡ ውሑድ ዝመሃር ይገብረካ። ፍልጠትን ተመኩሮን ከባቢኡ ነጺጉ "ኣነ ጥራይ ፍልጠትን ተመኩሮን ክህበኩም፡" ዝብል ውልቀ-ሰብ ከኣ ንማሕበራዊ ዝምድናን ስራሕን ተመራጺ ሰብ ኣይከውንን። ቻርለስ ሃንዲ ኣብዛ "ዘ ኤጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ትብል መጽሓፍ ብዛዕባ ሓደ ዝና ዝነበሮ ፕሮፌሰር ኣዕሊሉና ኣሎ። እቲ ፕሮፌሰር ብፍልጠቱ፡ ብልሑ፡ ካብቶም ኣለዉ ዝብሃሉ እዩ። ነቲ ፕሮፌሰር ኣብታ ቻርለስ ሃንዲ ዝምህረላ ዝነበረ ዓባይ ዩኒቨርስቲ ከም መምህር ንምቑጻሩ ግን ኩሎም ፕሮፌሰራት ዕቃበታት ነይሩዎም። ስለምንታይ? ሓደ ፕሮፌሰር ከምዚ ብምባል እንቲጉዎ "ርቻርድ ውርዙይ ምጥርጣር (decent doubt) የብሉን፡" ኢሉ ስክፍትኡ ገሊጹ። ኣብ ኩሎም ንፕሮፌሰር ስራሕ ንምቑጻሩ ኮፍ ኢሎም ዝዛተዩ ዝነበሩ ፕሮፌሰራት ስክፍታ'ውን ብርግጽ ንሱ'ዩ ነይሩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፤ እቲ ፕሮፌሰር ክምልስ እንተ ዘይከኣሉ ሕቶ ሓቲቱ ካብ ካልኦት ክምሃር ዝፍትን ሰብ ዘይምዃኑ'ዩ ጸገሙ ዝነበረ። ንኑብሱ ክቕይራ ኣይጽዕርን ማለት'ዩ። ንፕሮፌሰር "ርግጸኛ" ምዃን ኣመና ኣዕብዩን ኣኽቢሩን ዝሕዞ ነገር'ዩ። ጌጋኡን ፍሽለቱን ንምውሓድ ካብ ከባቢኡ ምምሃር ሚዛን ኣይሃቦምን። በዚ ምኽንያት ከኣ መሳርሕቱ 'ውርዙይ ምጥርጣር የብሉን' ኢሎም ንስራሕ ኣይመረጽዎን። ቻርለስ ሃንዲ፡ ነቲ ተኽእሎ ፍሽለት፡ ድሩትነት ፍልጠት ከም ዘለካ ኣሚንካ ካብ ከባቢኻ ተመኩሮ ክትቀስም ተንጸባርቐ ባህሪ "ውርዙይ ምጥርጣር" ኢልዎ ዘሎ። ኣብ እዋን ንእስነት ንዓወትን ኣበርክቶ ሕብረተ-ሰብን ኣብ ንጓዓዝሉ እዋን ብርግጽነት ዓወትና ምእማን መሰረታዊ ረቛሒ'ዩ። ይኹን'ምበር መልሲ ሕቶና ወይ ተኸቲልናዮ ዘለና መገዲ፡ ርእይቶን ሓሳብን ካልኦት ዘየድልዮ ጌርና ክንርእዮ የብልናን። ብሕታዊ ይኹን መንግስታዊ ትካላት'ውን ዕብየትን ብቕዓትን ዝህልወን ካብ ጌጋን ፍሽለትን ዝተቐስመ ተመኩሮ ምስ ዝሃንጻን እዩ።

መንኩርኮር ምህሮ ናህራ ክትዕቅብ ከቢድ እዩ። ንዓወት ብሂግና ምስ ተበገስና ነብስና፡ ስድራና ወይ ንሰርሓሉ ትካል ዝጠቅም ሽቶ ክንሰርሕ ከለና ንቐስሞ ተመኩሮ ዓቢ እዩ። ኣብ ጉዕዞ ምህሮን ለውጥን ህይወትካ "ንሶም" ወይ "እቲኦም" ትብሎም ኣይሃልዉኻ። እንተ ሃለዉኻ'ውን ንስኻ ክትገብሮ ትኽእል ምስ ገበርካ ይኹን። ብኻልእ ኣበሃህላ ነብስኻ ምልዋጥ ኣብ ነብስኻ ብምእማን'ዩ ዝጅምር። ኣብ ትሰርሓሉ ትካል ወይ ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ተቐርቦ ርእይቶ፡ ትወስዶ ተበግሶ ብመዛኑኻ፡ "መን ኴንካ ኢኻ" ዘብል ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ፈሪህካ ኣብ ሞያኻ፡ ስራሕካን ትነብረሉ ከባቢን ሓሳባት ብዘይ ምፍሳስካ ማሕበራዊ ዝምድናኻ "ጽቡቕ" ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግን ብዋጋ ምህሮን መቐይሮን ናትካ ከይከውን ብዕቱብ ምርኣዩ የገድስካ።

ምህሮን ለውጥን ንጽሩን ርጉጹን ኣይኮነን። ጥርጣረን ጌጋን ግን ካብ ለውጢ ክዓግተና የብሉን። ምኽንያቱ ምንጪ ምህሮናን ዕብየትናን'ውን ንሳቶም እዮም። ዕዉታት ኣካየድቲ ንግዳዊ ዋኒን፡ ካብ ዓሰርተ ፈተነ እቲ ትሽዓተ ፍሽለት ምዃኑ እዮም ዝገልጹ። ነዳዲ ዝኾዕታ ኩባንያታት'ውን፡ ካብ ዓሰርተ ዒላ ኣብ ሓንቲ ጥራይ ከም ዝዕወቱ እቲ ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤስያ ከም ኣካያዲ ዓቢ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ኰይኑ ዝሰርሐ ቻርለስ ሃንዲ ይገልጽ። ስለዚ'ዩ ኸኣ ምግጋይ ኣካል ዝተሰርሐ ቅኑዕ ገይርና ክንርድኦ ኣለና ዝብል መደምደምታ ዝበጽሐ።

ብኻልእ ኣበሃህላ ብጌጋኻ ወይ ፍሽለትካ ከይተዋሓጥካ ንቕድሚት ምምራሽ ሓደ መርኣያ ብቕዓት ቀጻሊ ምህሮ ከተዋህልል ምኽኣል'ዩ። እዚ ማለት ንዘጋጥሙኻ ጉድለትን ሕንጊድ ዝኾነ ባህሪ ሰባትን ብኻልእ መልክዕ ደጊምካ ክትርእዮ ኣለካ። ባህሪ ስራሕካ፡ ንውሓት ግዜ ስራሕካ፡ ዝፈጥረልካ ብድሆ ዳግመ ግምት ምግባር፡ ንሕቶኻ ብዶሆኻን ናብ ራህዋ ክትቅይሮ የኽእለካ። ኣብ ስራሕ ንገብሮም ጌጋታትን ንፈጥሮም ፍሽለታትን ትካላት ኣብ ውልቀ-ማህደር ሰራሕተኛ ምሓዝ ልምዲ ናይ ኩለን ትካላት'ዩ። ሎሚ-ሎሚ ግን ጌጋ ንምፍርራሕ ሰራሕተኛ ዘይኮነ፡ ንተመኩሮ ካልኦት ዘለዎ ኣገዳስነት ተኣሚኑሉ፡ ጌጋ ሰራሕተኛ ከም ጸጋ ናይ ትካላት ብምሕሳብ "ዩኒቨርስቲ ጌጋ" ይብሃል ኣሎ። ከም ሓቂ ጉድለታትካ ወይ ፍሽለታትካ ከም መዐየሪ ክብሪ ዘይርአ ኣይኮነን። የግዳስ ጉደልትካ ከይፍለጥን ከይትፈሽልን ፈሪሕካ፡ ካብ ስራሕ ክትሕየብ ዘለናዮ መዋእል ዘፍቅድ ኣይኮነን። ስለዚ ከም መንእሰያት ንነብስና ኣብ 'ዓንኬል ምሉእ ዑደት ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን' ኣእቲና ብቐጻሊ ክንማህርን ክንማሓየሽን ኣለና። ድሕሪ ኮለጅ ወይ ሞያዊ ስልጠና፡ ክእለትናን ፍልጠትናን ንምምዕባሉን ንምዕማቑን ኣብ ግብራዊ ስራሕ ነብስና ዘይንፍትናን ዘይነበርክትን እንተ ኾንና ደውታ ቀጻሊ ምሁሮን ዕብየትን ከጋጥመና እዩ። እዚ ኸኣ ከም ውልቀ-ሰባት ዘየርብሓናን ሃሳይናን ስለ ዝኾነ ነብስና ምምዕባል ከም ዓቢ ዕዮ ክንሕዞ ይግበኣና።

እልልታ ሰናይ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## ሽሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሰርያ ናፍዕ ሓጃይ፡ ተኸሳሲ ኸሊል ያሲን ኣሕመድ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲት መና ሰዒድ ዓ/ራሕማን፡ ተኸሳሲ ፈረጅ ስሌማን ፈረጅ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣፍ/ኣወጣሽ ተስፋይ ወልዱ ተተካኢ ኣፍ/ሓድግ ተስፋይ ወልዱ ዝኾነ ኣቶ ኣረፋይነ ሓድግ ተስፋይን ተኸሰስቲ ኣፍ/ኣወጣሽ ተስፋይ ወልዱ፡ ወ/ሮ ሙሉ ብርሃ ዕቑባዜን +3ን ዘሎ ስቪላዊ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ተኸሰስቲ 1. ወ/ሮ ሙሉ ብርሃ ዑቑባዜን 2.መድሃኔ ሓድግ ተስፋይ 3.የማነ ፍስሃየ 4.ብርሃ ፍስሃየ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ ሞንጎ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ በረኸት ካሕሱ ኣርኣያን ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ ካሕሱ ኣርኣያ ኣቶ ጸጋየ ካሕሱ ኣርኣያ+18ን ብዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ኣቶ ጸጋየ ካሕሱ ኣርኣያ 2.የሳነ ገብረሂወት ካሕሱ 3.ወ/ሮ ምሕረት ካሕሱ ኣርኣያ 4.ሳራ ኣብርሃም ካሕሱ 5.ሃብቶም ካሕሱ ኣርኣያ 6.ኢያብ ካሕሱ ኣርኣያ 7.ኣስገደት ካሕሱ ኣርኣያ 8.ኣብርሃም ካሕሱ ኣርኣያ 9.ናዝሬት ካሕሱ ኣርኣያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲት ግደይ ተስፋይ ኢሳቕ፡ ተኸሰስቲ ኣልጋሽ ገብረክርስቶስ፡ ኣልማዝ ሓድጉ፡ ጸገ ገብረክርስቶስ ሰለሙን፡ ተኸሰስቲ ጸገ ገብረክርስቶስ ሰለሙን ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሻሹ ዓንደማርያም፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ተወልደመድህን ተስፋ ኣፍ/ሪት ሉተኣብ ወልደኪዳን ሃብተሚካኤል፡ ተኸሰስቲ 9.4 ኣቶ የሴፍ ሳህለ ተወልደመድህን 9.5 ኣቶ ርቤል ሳህለ ተወልደመድህን ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ፋኑኤል በየነ መንግስትኣብ ምግል ተረፉ፡ ኣማኑኤል በየነ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ብርኽቲ ወልዱ ምስገን ምግል ተረፉ፡ ኣርሴማ ወልዱ ምስገን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ቀሺ በረኸት ግርማይ ተስፋይ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኢልሳ ገብረእግዚኣብሄር ሰለሙን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ህልዋት 1መዋቲ ተተካእቲ 5 ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ምልእተ ገብረክርስቶስ ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ጻድቃን ገብረማርያም ወልደሰላሴ፡ ናይ ገዛ መሸጣ ውዕል 1997 ዝተገበረ ዋጋ 55.000 ናቕፋ (ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ) ናብ ስመይ ከየመሓላለፈትለይ ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ሳባ ዘሚካኤል ክብርኣብ፡ ተኸሰስቲ 1.ሕድሩ ዑቕባጋብር ከፈላ 2.የርሳሌም ዘሚካኤል ክብርኣብ ናይ ገዝዘብ ዕዳ ተማስራቱ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ስምኦን ቴድሮስ ናይዝጊ፡ ኣደይ ራሄል የውሃንስ ኣርኣያ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ትዕግስቲ ሃይለ ኣብይ፡ ኣቦይ ሃይለ ኣብይ ተስፋይን ኣደይ ፋና ወልደስራኤል ክንፈን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ገብረስላሴ ገብሩ፡ ወኪል ገብረታትዮስ ኣማኑኤል፡ ተኸሳሲት ሳባ ክፍለ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ተማስራቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ገብረስላሴ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ የርሳሌም ተኾመ ይርጋኣለም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ጸገ ዓንደማርያም በየን፡ ብወኪል ኣቶ ተኽለም ተኸስተ ኣብሩ፡ በዓልቤተይ የሴፍ ተኸስተ ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ወ/ሮ ዕቑባ ሰመረ ዘወልዱ፡ በዓልቤተይ ሃይለ ተኽለሃይማኖት ወልደኣብዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መርሓኖ

ተወልደብርሃን ጺጋይ፡ ወለድና ጺጋይ ነጋሲ ዘርኣን ሄዋን ገብረ ተስፋስላሴን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

የናስ ገ/እግዚኣብሄር ዓንደገርግሽ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ምዕራፍ ግርመ በርሀ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ኣቶ ሰለሙን ገብሩ፡ ኣቦና ገብሩ ተድላ ካሕሱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ወረ/ዝር ገብረኪዳን ቀሺ ደስታ ሓጎስ ወረ/ዝር ዛፉ ተድላ ጓንጉል ብዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክርክር፡ ተኸሳሲ 3.1 ሃብቶም ገብረሂወት 3.2 ሃንስ ገብረሂወት 3.3 ተኽለ ገብረሂወት 3.4 ኣጦ ገብረሂወት 3.6.1 ሞገሴል ደብሳይ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ን9/10/23 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወረ/ፍ መሓመድ ሳልሕ መ/ኑር 1.ወ/ሮ ሐርያ መሓመድ ሳልሕ 2.ኣቶ እስማዒል መሓመድ ሳልሕ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ብርሀ ዓብዱ ዓሊ ንትግባረ ውዕል መሸጣ ገዛ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ወረ/ፍ መሓመድ ሳልሕ መሓመድኑር 1.ወ/ሮ ሐርያ መሓመድ ሳልሕ 2.ኣቶ እስማዒል መሓመድ ሳልሕ፡ ተጸዋዕቲ 1.ኣቶ ኣሕመድ ዓሊ ሓሰን 2.ወ/ሮ ሓሊማ ዓሊ ሓሰን 3.ኣቶ ዓብደልሓኪም ዓሊ ሓሰን ንትግባረ ውዕል መሸጣ ገዛ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

## ምስጋና



ብምስዋእቲ ኣዚና ኣፍቃሪት ወላዲትናን ሓፍትናን ሰ/ር ቅዱሳን ኣብርሃ ሃብተስላሴ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎድና ከይተፈለኹም ኣብ ቤትናን ኣብ ሆስፒታል ኢናኣልን ብምምልላስ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ መካነ መቓብር ሓርነት ኣስመራ ብኽብሪ ዘቃበርኩምናን ገዳና ብምምልላስን ካብ ደገን ወሽጥን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም መሳርሕታ፡ ፈተውታ፡ ናይ ቃልሲ ብጾታ፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐጽልና እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብምስዋእቲ ክቡር በዓል ቤተይ መጆር የውሃንስ መንግስትኣብ (ጆን) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ መቓብር ሓርነት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ሓዘንና ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ መኣዛ ተስፋጼን
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ክቡር ኣሚኒይ ጉዳም ስፖርተኛ ነጋሽ ተኸስተ ተወልደ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ምምጻእ ሬሳን ኣብ ሾማንገስ ላዕላይ ዘቃበርኩምና፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ብምምልላስን ብመልእኽትታትን ዘጸናናዕኩምናን ዝደበስኩምናን ምስጋናና ነቕርብ፡፡

መም. ግዛቸን ስብሃቱ
ምስ ደቁን ስድራቤቱን

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ኑርያ ኣደም መሓሙድ ወኪል ሰይድ ዓሊ መፍታሕ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ በድሪያ እድሪስ ዓሊ ዝበረ ናይ ክራይ ገዛ ክርክር፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ እዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዝርከብ ዝርዝር ንብረት ብኽኢላ ማጠለሲ ዋጋ 40,000 (ኣርባዓ ሽሕ ናቕፋ) ስለዝተገመተ፡ ኣብቲ ዝቐርብ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ፈ/ፍርዲ C.P.O ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ኣስራሑ ወይ ተጠራቓሚ ሕሳብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብፈደልን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ቤ/ጽ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡

ዝርዝር ንብረት፦

1. ታንከር ናይ ማይ
2. 10 ሓብ ጀሪካን ናይ ማይ
3. ሳሎን ኮምፕሊት ቡፈይ
4. ኮንትሮ በፎይ ስርሓት ኖቶ 240 ሜትሮ

ኣብ ቁ.1 ክሳብ ቁ.18 ዝርዝር ንብረት ኣሎ፡፡
ሓብሬታ ዝደሊ ወይ ዝርዝር ንብረት ከምኡ ድማ ንብረት ክርኢ ዝደሊ ኣብ ቁ/65 ቀሪቡ ይወከስ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡

ቦታ ጨረታ ፦ ላ/ቤ/ፍ/ቁጽሪ 27
ዕለት ጨረታ፦ 20/09/2023
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሃገራዊ ውድድር ባይታ ቴኒስ ይካየድ ኣሎ

ዓመታዊ ዝካየድ ሃገራዊ ውድድር ባይታ ቴኒስ ኤርትራ፡ ውድድራቱ ብውዕወዕ መንፈስ የካይድ ከም ዘሎ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ። ኣብቲ ዝተኻየደ ግጥማት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ነጥብታት ተመዝጊቡ ኣሎ።

ክሊ. ዕድመ 11 -12 ደቂ ተባዕትዮ

ናህም ሃብቱ (ዞባ ደቡብ ) 6 ምስ ቢኒያም ሃብታይ (ዞባ ዓንሰባ ) 5

ክሊ. ዕድመ 11–12 ደቂ ኣንስትዮ

መሪና ቴድሮስ (ዞባ ማእከል) 6 ምስ ኤልዳና በረከት (ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ) 2

ሜላዊት ተ/ልደት ( ዞባ ዓንሰባ ) 6 ምስ ኤልዳና ሃብቶም (ዞባ ደቡብ) 3

ክሊ. ዕድመ 13-14 ደቂ ተባዕትዮ

ኣቤል መልኣከ (ዞባ ዓንሰባ ) 7 ምስ ወለድ ዓብደላ (ሴ/ቀ/ባሕሪ) 2 ኣቤድ ንእምን (ዞባ ማእከል ) 7 ምስ መርሃዊ ደበሳይ (ዞባ ደቡብ) 1

ክሊ. ዕድመ 13-14 ደቂ ኣንስትዮ

ምስጋና ተ/ጊርግሽ (ዞባ ማእከል) 7 ምስ ሉል ታደሰ (ዞባ ደቡብ ) 0 የሳና ከሰተ (ዞባ ሴ/ቀ/ባሕሪ ) 7 ምስ ሰልሻና ኤርምያስ ( ዞባ ዓንሰባ) 6

ክሊ. ዕድመ 15-16 ደቂ ተባዕትዮ

ኣሌክሳንደር ሕሳቡ (ዞባ ሴ/ቀ/ባሕሪ) 7 ምስ የውሃንስ መልኣከ (ዞባ ዓንሰባ) 2

ማትያስ በረኸት (ዞባ ማእከል ) 7 ምስ ኤርምያስ ዓ/መስቀል (ዓንሰባ) 0

ክሊ. ዕድመ 15-16 ደቂ ኣንስትዮ

የሮሳሌም ሃይለ (ዞባ ዓንሰባ) 7 ምስ ሻሎም የማን (ዞባ ደቡብ) 6




## ውድድር ኵዕሶ እግሪ ን/ዞባ ደቀምሓረ ይቕጽል

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ መንጎ ሓሙሽተ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ከም ዝጀመረ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ። እዚ ውድድር ንዝኸሪ እታ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ደቀምሓረ ኣብ ሜዳ ሃንደበት ህይወታ ዝሓለፈት ፍልጥቲ ደጋፊት ክለብ ማይ ወርቂ ወ/ሮ ናጽነት ጎኔጬ እዩ ተዳልዩ ዘሎ።

ኣብ ግጥማት ደቂ ኣንስትዮ ፈለማ ጸወታኣን ዘካየዳ ሃዳሙን ማይ ወርቅን እየን ነይረን። ኣብዚ ግጥም ዋላ'ኳ ተጻወትቲ ማይ ወርቂ ኩዪኝ ዓሊ ብዘመዝገበታ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊተን እንተነበራ፡ ሰለስተ ብጫ ካርድ ንዘበራ የሳን ሳሙኤል ብምስላፊን ግን ሃዳሙ ብ'ፎርፈ' 3-ብ0 ተዓዊታ። ሰዒቡ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም መጻሉን ኣምሀርን ምዱብ ጸወታ ብዘይ ሸቶ ስለ ዝተዛዘመ ዕውትቲ ንምፍላይ ናብ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ እየን ኣምሪሐን። ኣምሀር ድማ ዕውትቲ ኮይና ኣላ።

ብሰንበት ፈለማ ግጥማተን ዘካየዳ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኣምሀርን ሃዳሙን እየን ነይረን። ሃዳሙ ኣብ መበል 10ይ ደቒቕ ብመንገዲ ናትናኤል ዓ/መስቀል ብዝረኸበታ ሸቶ መሪሕነት ሒዛ'ኳ እንተነበረት፡ ኣምሀር ድሕሪ 12 ደቓይቕ ሸቶ ብምርካብ ጸወታ ተመዓራረዩ። ድሕሪዚን ሸቶታት ብወገን ክልቲአን ጋንታታት ዝተመዛዘነ ተወሲኺ ሸቶ ብዘይ ምንባሩ ናብ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ እየን ኣምሪሐን። ኣምሀር ድማ 5-ብ4 ብምስዓር ናብ ዝቕጽል ግጥም ሓሊፋ ኣላ።

ድሕሪዚ ግጥም ማይ ወርቅን ማእከል ከተማን እየን ንሜዳ ወሪደን። ቀዳማይ 45 ደቓይቕ ናይዚ ግጥም ዝኾነ ሸቶ ኣይተመዝገበን። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን ማእከል ከተማ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ካብ ባህኣሰላም ተስፋጋብ ሸቶ ብምርካብ መሪሕነት ሓዚት። ተጻወትቲ ማይ ወርቂ ንዘተመዛዘኑዎም ሸቶ ክሕወዩ ሓያል ጻዕሪ'ኳ እንተኣካየዱ፡ ኣብ ምዱብ 90 ደቓይቕ ግን ክሰልጦም ኣይከኣለን። እንተኾነ ግን ኣብዘን ንዘጠፈአ ግዜ ንምትካእ ዝተዋህበ 4 ደቓይቕ'ውን ተሰፋ ስለ ዘይቆረጹ፡ ኣብ ወዳእ ሰዓት ማዕረ ትገብርም ሸቶ ረኺቡ። ጸወታ ናብ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ኣብ ዘምርሓሉ፡ ኣቐዲማ መሪሕነት ሒዛ ዝነበረት ማእከል ከተማ እያ 4-ብ3 ክትዕወት ክኢላ።

## ጋንታታት ኩባንያ ሰምበልን ኣስመራ ቢራን ዓወት ኣመዝጊበን

መበል 12 ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብሰሉስ 1 ነሓሰ ብኽልተ ጸወታታት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ናይዚ ዕለት ፈላሚ ጸወታ ኣብ መንጎ ኩባንያ ሰምበልን ኣዱሊስን እዩ ተኻይዱ። እዘን ክልተ ጋንታታት ኣብ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድር ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ኩባንያ ሰምበል እያ 2-ብ0 ተዓዊታ ነይራ። እዘን ክልተ ጋንታታት ኣብ ቀዳማይ 45 ደቓይቕ ልዳተን ከይፍራ ብዘይምኽኣለን 0-ብ0 እየን ንዕረፍቲ ወጺአን። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ ግን ኩባንያ ሰምበል ኣብ መበል 53 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ሓዚት። ተጻወትቲ ኣዱሊስ ንዝተመዝገቡዎም ሸቶ ክሕወዩ ብተደጋጋሚ ናብ ልዳት ኩባንያ ሰምበል ደጃውዑ'ኳ እንተነበሩ፡ ነጥቢ ተማቒሎም ሸቶ ግን ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ኩባንያ ሰምበል ድማ ኣብ ክልተ ዙርያታት ካብ ኣዱሊስ 6 ነጥቢ ክትሓፍስ በቒዓ ኣላ። ኣብዚ ግጥም ናይ ኩባንያ ሰምበል ሲም መብራህቱ እዩ ብለጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።



ቀጺለን ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ጸወታኣን ዘካየዳ ኣስመራ በራን ኩባንያ ሰገንን እየን ነይረን። ኣብ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ርክብ እዘን ጋንታታት ኣስመራ በራ እያ ብጸፊሕ 3-ብ0 ተዓዊታ ነይራ። ኣብዚ ናይ ካልኣይ ዙርያ ርክበን'ውን ተጻወትቲ ኣስመራ በራ ኣይተኸኣሉን። ኣብ ቀዳሞት 45 ደቓይቕ ኣርባዕተ ሸቶታት'የም ኣመዝጊቦም። እዛ ጋንታ ኣብ 2ይ ደቒቕ ከምኡ'ውን ኣብ መበል 29 ደቒቕ ካብ ፍናን ተስፋይ ሸቶ ክትረክብ ከላ ኣብ 10ይን መበል 14 ደቓይቕ ከኣ ካብ ኣቤል ወልደየሱስ እያ ሸቶ ረኺባ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኣስመራ በራ ቀንዲ ኣጥቃዒያ ኣቤል ወልደሰሰ ኣብ 60 ደቒቕ ብኽልተ ብጫ ካርድ ካብ ሜዳ ክበር ብምኽኣሉ ብ10 ተጻወትቲያ ን30 ደቓይቕ ተጻዊታ። ሰገን'ውን እንተኾነት ኣብ መበል 90 ደቒቕ ንእሰይ ተስፋይ ብቀይሕ ካርድ ከሰራቶ እያ። ኣብ ካልኣይ 45 ደቓይቕ ኣስመራ በራ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ካብ ሄኖክ ሚካኤል ሓምሻይቲ ሸቶ ክትረክብ ከላ፡ ሰገን ከኣ ኣብ መበል 62 ደቒቕ ካብ ኤሽን ዘርያስ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ከኣ ሚካኤል ገብሩ ሸቶ ረኺበን ነይረን። ጸወታ ብዓወት ኣስመራ በራ 5-ብ2 እዩ ተዛዚሙ። ኣብዚ ግጥም ናይ ኣስመራ በራ ፍናን ተስፋይ እዩ ብለጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

12 ግጥማት ኣካይደን ካብ ዘለዋ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል፡ ደንደን 30፡ ቀይሕባሕሪ 30፡ ኣስመራበራ 20፡ ኣልታሕረር 18፡ ኣዱሊስ 15፡ ኩባንያ ሰምበል 13፡ ኩባንያ ሰገን 13፡ ማይተመናይ 11፡ ዕዳጋ ሓሙስ 9፡ ቲራቮሎ ድማ 4 ነጥቢ ኣዋህሊለን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ዓሰራይ ደረጃ ሒዘን ደርጊበ።

እዚ ውድድር ሎሚ ሓሙስ'ውን ብኽልተ ጸወታታት ቀጺሉ ከምዝካየድ እዩ። ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣልታሕረር ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ክጻወታ መደብ ክተሓዘለን ከሎ፡ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ከኣ ቀይሕ ባሕርን ማይተመናይን ክገጥማ እየን።

## ማንቸስተር ሲቲ ምስ ቫርዲዮል ተሰማሚዓ

ሻምፕዮን ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ማንቸስተር ሲቲ፡ ንተኸላኻላይ ኣርቢ. ሊፕዚግ የስኮ ቫርዲያል ንምውናን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐት መርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ኣፍሊጡ። እዛ ክለብ ነቲ ተጻዋታይ ናብ ኢትሓድ ንምምጻእ 77 ሚልዮን ፓውንድ ንገዝኡብ ከም ዘፍሰሰት'ዩ እቲ መርበብ ሓቢሬታ ዘረድኤ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ተኸላኻላይ ኣብ 2021 ካብ ዲናሞ ዛግረብ ናብ ኣርቢ. ሊፕዚግ ካብ ዝመጸሉ፡ ወሳኒ ተጻዋታይ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ንሱ ማለያ ኣርቢ. ሊፕዚግ ወድዩ 87 ጸወታታት'ዩ ኣካይዱ። የስኮ ቫርዲያል ኣብዚ ሰሙን ሕክምናዊ መርመራ ክዑብር ናብ እንግሊዝ ከምርሕ ምኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ዝሓለፈ ሰሙን ሊፕዚግ ነዚ ተጻዋታይ ኀደሎ 100 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘይትሸጦ ኣፍሊጣ ብምንባራ ደገፍቲ ሲቲ ተስፋ ቁሪጾም'ዮም ቀጺዮም። ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ስጳኛዊ ፐፕ ጓርዲዮላ፡ ምምጻእ ናይዚ ተጻዋታይ ንጽጋማይ ሸነኽ ማእከል ምክልኻሉ ከደልድሎ ከም ዝኽእል'ዩ ዝኣምን። ኣብዚ ቦታ ርጠን ዲያዝ እውን ብምህላው፡ መጺኡ ኣይመርጽ ላፖርተ ኣብ ኢትሓድ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ከም ዝኽእል ዝጽምቱ ወሐዱት ኣይኮኑን። ጓርዲዮላ ኣብዚ ክራማት ክልተ ተጻወትቲ'ዩ ኣፈሪሙ ዘሎ። እቲ ኣሰልጣኒ ኣቐዲሙ ንክሮሽያዊ ማተዮ ኮቫቺች ብ25 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቸልሲ ከም ዝዓደገ ኣይርሳዕን። እዚ ተጻዋታይ ንቦታ ናብ ባርሰሎና ከይዱ ዘሎ ጉንዶጋንን ናብ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል ኣህሊ ማሕዙ ዘሎ ሪያድ መሓረዝን ክሽፍኖ ከም ዝኽእል'ዩ ዝእመነሉ።

ወዲ ዓዱ ንኮቫቺች ዝኾነ ሓድሽ ኣባል ሲቲ ቫርዲያል፡ ንሃገራዊት ጋንታ ክሮሽያ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ ካብ ዘኽኣልዋ ተጻወትቲ ሓደ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ንሱ ማልያ ሃገሩ ወድዩ 21 ጸወታታት ከካይድ ከሎ፡ ክልተ ሸቶታት ድማ ኣመዝጊቡ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ቅድሚ ናብ ቡንደስ ሊጋ ምምርሑ ንዲናሞ ዛግረብ ንኽልተ ተኸታተልቲ ዓመታት ዘውዲ ሻምፕዮን ክትደፍእ ሓጊዝዋ'ዩ።



## ቡፎን፡ በጃ ኢዱ ሰቒሉ

ናይ ቀድም ሓላዊ ልዳት ሃገራዊት ጋንታ ኢጣሊያ ጂያንሉጂ በፎን ኣብ መበል 45 ዓመቱ ካብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ብወግዒ ከም ዝተፋነወ ኣፍሊጡ። እዚ ሓደ ካብ ብሉጻት ሓለውቲ ልዳት ዓለም ምዃኑ ዝእመነሉ ተጻዋታይ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት "ክብረት ይሃበለይ። ኩሉ ነገር ሂብኩምኒ ኢኹም። ኩሉ ነገር ድማ ሂበኩም'የ። ብሓባር ንኹሉ በጺሕናዮ" ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ። ን28 ዓመታት ኣብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ዝጸንሐ በፎን፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣሊያ ኮይኑ ዋንጫ ዓለም 2006 ከም ዝዓተረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ማልያ ጁቬንቱስን ፒኤስጂን ወድዩ ድማ ዓሰርተ ግዜ ዘውዲ ሻምፕዮን ክደፍእ ከም ዝበቕዐ ሰነዳቱ የረድኡ። በፎን ምስታ ኣብ 1995 ዝጀመረላ ክለብ ፓርማ ኮይኑ'ዩ ጸወታኡ ወዲኡ ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ምስ ብዙሕ መጉዳእትታት ምስ'ዛ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ክለባት ኢጣሊያ ዘላ ጋንታ ኮይኑ 19 ግዜ ኣብ ሜዳ ዝተራእየ በፎን፡ ምስ'ዛ ጋንታ ክሳብ 2024 እዩ ውዕል ነይርዎ። በፎን ኣብ ሰሪ ኣ ኢጣሊያ 657 ጸወታታት ብምኻያድ ክብረወሰን ንክሕዝ ከሎ፡ ብ176 ጸወታታት ድማ እቲ ዝለዓለ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣሊያ ወድዩ ኣብ ሜዳ ዝተራእየ እዩ። ንሱ ኣብ 2001 ካብ ፓርማ ናብ ጁቬንቱስ ብ32.6 ሚልዮን ፓውንድ ክሰጋገር ከሎ እቲ ዝኸበረ ሓላዊ ልዳት ዓለም'ዩ ኮይኑ ነይሩ።



# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ኢራን ፍርያት ዕደና ነዳዲ ተዕቢ

ኢራን ተካይዶ ዘላ ንጥፈታት ዕደና ነዳዲ ብምዕባይ መዓልታዊ ክሳብ 3.1 ሚልዮን በርሚል ነዳዲ ከተፍሪ ከምዝጀመረት ገሊጻ።

ኢራን ተካይዶ ዘላ ንጥፈታት ዕደና ነዳዲ ካብቲ ናይ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝነበረ መጠን፡መዓልታዊ ብሓደ ሚልዮን በርሚል ከምዝዐበዮ እያ ትሕብር።

ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ መሪሕነት ካብ ዝመጽኡ፡ ካብ ዕደና ነዳዲ ዝርከብ ኣታዊ'ታ ሃገር ብ80 ሚእታዊት ወሲኹ ምህላዉ ድማ ምንጨታት ዜና ሓቢሮም።



ምምሕዳር ኢብራሂም ራኢሲ፡ ኢራን ምስ ጎረባብታን ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ጥቡቕ ዝምድና ኣብ ምሕያል ብዕቱብ ይሰርሕሉ ከምዘሎ'ዩ ዝንገር።

ኢራን ብጼጋታት ነዳዲ ሃብታም ኮይና፡ ፍርያታ ናብ ቻይና፡ ቨነዙዌላን ሶርያን ብዝበዝሒ ትልእኽ ምህላዋ ጸብጻባት ቁጠባ'ታ ሃገር የመልክቱ።

እታ ሃገር ካብ ኣመሪካን ሰዑባታን ዝጎጥማ ዘሎ ተጻብኦን እገዳን በዲሁ ኣብ ዝመጽእ ሓደት ዓመታት ነዳዲ ናይ ምዕዳን ዓቕማ መዓልታዊ ናብ 5.7 ሚልዮን በርሚል ክብ ክተብሎ ውጥን ከምዘለዋ እያ ትገልጽ።

## ቤላሩስ ንኽሰታት ኔቶ ነጺጋ

ቤላሩስ ነቲ ኽሲ ኣየር ፖላንድ ጥሒሳ ዝበል ብኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝቐረበ ዘሎ ክሲ ኣትሪራ ከቲናቶ።

እቲ ኪዳን ኣቐዲሙ ኣብ ዘውጽኦ ክሲ፡ ኣምኣይ 24ን ኣምኣይ 8ን ዝዒይኑተን ክልተ ሄሊኮፕተራት ቤላሩስ ንኽሊ ናይታ ኣባሉ ዝኾነት ፖላንድ ከምዝጠሓሰ ምግላጹ ይሕብር።

መንግስቲ ፖላንድ'ውን ኣብ ከተማ ዋርሳው ንዝርከብ ጸሓፊ ቀንስላዊ ጉዳያት ቤላሩስ ጸዊዑ፡ ተቓውሞኡ ከምዝሰመዐ እዩ ዝገልጽ።

እንተኾነ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቤላሩስ ኣብ ዘውጽኦ መልሲ፡ እተን ዝተጠቕሳ ሄሊኮፕተራቱ ንኽሊ ኣየር ፖላንድ ከምዝጠሓሳ ዘርኢ ዝኾነ መርትዖ ከምዘይቀረበን እቲ ክሲ ብመሰረቱ ፈጠራዊ ምኳኑን ኣጺሩ ኣሎ።

ኣቐዲሙ ክፍሊ ምክልኻል ጸረ-ነፈርቲ ፖላንድ፡ ሄሊኮፕተራት ቤላሩስ ንኽሊ ኣየር ፖላንድ እናጠሓሳ ዘርኢ ምስሊ ኣብ ራዳሩ ከምዘይተመዝገበ'ኳ እንተገለጸ፡ ጸኒሑ ግን እተን ሄሊኮፕተራት ትሑተን ብምብራረን ኣብ መዝገብ ራዳር ክኣትዋ ከምዘይከኣላ ዝገልጽ ተጻራሪ መግለጺ ከምዝሰመዐ መርበብ ሓበሬታ ሩሲያ ቱደይ ዘረድእ።

ብኣመራጋ ዝምራሕ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ኣብ ዶብ ፖላንድን ቤላሩስን ሓያል ወጥሪ ዘስዕብ ዘሎ ንጥፈታት ምትካል ስትራተጂያውያን ኣጻዋር እናኣካየደ፡ ተገልቢጡ ኣንጻራ ዝተፈላለየ ክሲታት ምስሳዑ ቤላሩስ ትገልጽ።



## ህንዲ፡ ኣብታ ሃገር ሽሮፕ ዘፍሪ ትካል መድሃኒት ዓጽያቶ

መንግስቲ ህንዲ፡ ኣብታ ሃገር ዝተደኩነ ሽሮፕ ዘፍሪ 'ሪማን ላብስ' ዝስሙ ትካል ክዕጾ ከምዝኣዘዘ ኣፍሊጡ።

መንግስቲ ህንዲ ነቲ ትእዛዝ ዘመሓላለፈ፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር - ካሜሩን ምስቲ ናይ ህንዲ ሽሮፕ ብዝተኣሳሰር ጉዳይ ብውሕዱ 6 ቈልዑ ከምዝሞቱ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ።

እቲ ኣሸሓት ሰራሕተኛታት ዘለዎ ትካል መፍረ መድሃኒት ህንዲ፡ ብመሰረት ካብ መንግስቲ ዝተዋህበ ትእዛዝ፡ ንጥፈታቱ ንዘይተፈልጠ ግዜ ደው ኣቢሉ ከምዝጸንሕ ሓቢሩ ኣሎ።

ኣቐዲመን ኣብ ህንዲ ዝርከባ ሰለስተ ትካላት መፍረ መድሃኒት፡ ብተመሳሳሊ ክሲታት ክዕጸዋ ከምእተገደዳ ይፍለጥ።

ሓያሎ ኩባንያታት መፍረ መድሃኒት ህንዲ፡ ስዑዕ ሽሮፕ ናብ ዕዳጋታት ኣፍሪቃ ብምቕራብ ኣብ ዝኽሰሳሉ ዘለዋ እዋን፡ መንግስቲ'ታ ሃገር ዛጊት ኣብ ልዕሊ'ተን ስዑዕ መድሃኒታት ከምዘፍረያ ዝተኸሰሳ ኣርባዕተ ትካላት ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ክወስድ ተገዲዱ ምህላዉ'ዩ ዘመልክት።

ውድብ ጥዕና ዓለም ብወገኑ፡ ዝሓለፈ ሰነ ኣብ ዝቐረበ ምጽራያት፡ ኣብቲ ንሰዓል ክፍውስ ተባሂሉ ኣብ ህንዲ ዝፈረየ ሓደ ዓይነት ሽሮፕ፡ መርዝም ጥረ ነገር ከምዝጸንሐ ምግላጹ ኣይርሳዕን።

ህንዲ፡ ኣቐዲማ ብኩባንያታት መድሃኒት መይደን፡ ማሪዮን ባዮተክን ከውፒን ዝፈረ ሽሮፕ ናብ ዕዳጋታት ወጻኢ ወጻኢ ከይወርድ ምእጋዳ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ህንዲ ዓመታዊ ልዕሊ 40 በልዮን ዶላር ዝትመን ኣታዊታት ካብ ሰደድ ኣፋውስ ከምእትረክበ'ዩ ዝግለጽ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ጋምብያ ነቲ ናይ ህንዲ ሽሮፕ ወሲደም ጥዕናዊ ጸገማት ዝገጠሞም ኣስታት 70 ቈልዑ ከምዝሞቱ ክግለጽ እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ ምኽንያት ኣብ ኡዝበኪስታን 19 ሰባት ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ህንዲ ዝተፈላለየ መድሃኒታት ዝምህርሑ ኣስታት 3 ሽሕ ኩባንያታት መፍረ መድሃኒት ከምዘለዋ ይንገር።



## ኒጀር፡ ናብ ፈረንሳ ዩራንየምን ወርቂን ምልኣኽ ደው ኣቢላቶ

ዝሓለፈ ሰሙን ንፕረዚደንት መሓመድ ባዙም ብምዕላው ብትረ-ስልጣን ዝጨበጡ ወተሃደራውያን መራሕቲ ኒጀር፡ ካብታ ሃገር እናተጓሕጎሐ ናብ ፈረንሳ ክለኣኽ ንዝጸንሐ ዩራንዩምን ወርቂን ደው ከምዝበልዎ ኣፍሊጦም።

ቡቲ ውሳኔ ዝተሓጎሱ ኣሽሓት ደገፍቶም ድማ፡ ናብ ጎደናታት ኒያመይ - ርእሰከተማ እታ ሃገር ብምውጻእ ደገፎም ከምዝሰምዑ ተገሊጹ።

እቶም ደገፍቲ ናይቲ ዕልዋ ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ኣፍ-ደገ'ቲ ኣብ ኒያመይ ዝርከብ ኤምባሲ ፈረንሳ ብምትእኽኻብ፡ ጸረ-ፈረንሳ እናጨርሑ ንጥንዲራ'ታ ሃገር ከምዝቓጸሉ፡ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

'ዋዛቢያ' ዝተባህለት ሓንቲ ማዕከን ዜና ኒጀር ብሰሉስ ኣብ ዘርግሐቶ ጸብጻብ ድማ፡ ምዝማዝ ፈረንሳ ዝመረሮም ኣሽሓት ኒጀራውያን "ዩራንዩም፡ ወርቅን ነዳድን እንዘለና፡ ብሰንኪ ፈረንሳ ጊላታት ኮይንና ንነብር ኣሎና" እናበሉ ኣንጻር'ታ ሃገር ብኽድሪ ተቓውሞኦም ከምዝሰምዑ ኣመልኪታ።

ጸብጻባት ከምዝሕብሩዎ፡ እታ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ዘይብላ ኒጀር፡ ኣብ ዓለም ሻብዐይቲ ዝበዝሐ መጠን 'ዩራንዩም' ዝተባህለ ክቡር ማዕድን እተፍሪ ሃገር እያ።

እዚ ማለት፡ ካብቲ ብደረጃ ዓለም ዝፈሪ ጠቕላላ ምህርቲ ዩራንዩም፡ እቲ 5% ኣብ ኒጀር ይፈሪ።

ፈረንሳ ድማ፡ ካብቲ ኤሌክትሪክሲቲ ንምምንጫው እትጥቀመሉ ዩራንዩም፡ እቲ ኣስታት 17% ካብ ኒጀር ከምእተእቱ፡ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ይሕብራ።

ማሕበርነም ኣቶማዊ ጸዓት ኤውሮጳ ብወገኑ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኒጀር ዝሓለፈ ዓመት ካልኣይቲ ዝበዝሐ መጠን ዩራንዩም ናብ ሕብረት ኤውሮጳ ዝለኣኸት ሃገር ክትከውን ክኢላ ከምዝነበረት ገሊጹ።

ብዙሓት ክኢላታት ኑክሌሳዊ ጸዓት፡ እዚ ቡታ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ፡ ኣብ መደበራት ኑክሌሳዊ መመንጨዊ ጸዓት ፈረንሳ ከቢድ ስንብራት ክኸትልን ዋጋታት ዩራንዩም ብደረጃ ዓለም ክዝርግን ከምዝኽእል የጠንቅቑ ኣለዉ።

ፈረንሳ፡ ኣብታ ኣቐዲማ ግዝኣታ ዝነበረት ኒጀር - ኣብ ዕደና ዩራንዩምን ወርቂን ዝተዋፈራ ኩባንያታት ከምዘለዋኣ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ሓድሽ ውሳኔ መራሕቲ ኒጀር፡ ንንጥፈታት እተን ኩባንያታት ብኣሉታ ክጸልዎ ምኻኑ ኣመልኪቶም።



## ፕረዚደንት ኣይቮሪኮስት-ነበር ዓሪፉ

ፕረዚደንት ኣይቮሪኮስት ነበር ሄንሪ ኮናን በዲ፡ ኣብ መበል 89 ዓመት ዕድመኡ ከምዝዓረፈ፡ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብዓውዲ ቁጠባ ናይ 'ፒኤቹዲ' ደረጃ ትምህርቲ ዝነበሮ ሄንሪ ኮናን በዲ፡ ድሕሪ ሞት ቀዳማይ ፕረዚደንት'ታ ሃገር እዩ ኣብ 1993 ስልጣን መሪሕነት ሒዙ። ኣብ 1999 ብወተሃደራዊ ዕልዋ ካብ ስልጣኑ ክሳብ ዝኣለ ድማ ፕረዚደንት ኣይቮሪኮስት ኮይኑ ከምዘሰርሐ ምንጨታት'ታ ሃገር ይሕብሩ።

እቲ ካብ ታሕተዋይ ደርቢ ማሕበር ናብ መሪሕነት ክመጽእ ከምዝኸኣለ ዝንገረሉ ካልኣይ ፕረዚደንት ኣይቮሪኮስት ዝነበረ ፖለቲከኛ፡ ኣብ ዘመን ስልጣኑ ፈጺሙዎ ብዝተባህለ ብልሽውና ብተቓወምቱ ይኽሰስ እዩ።

ደጊሙ ናብ ስልጣን መሪሕነት ክመጽእ ብምሕሳን ኣብ ዝካየዶ ፕረዚደንታዊ ምርጫ'ውን በቲ ናይ ውትሩ መቐናቕንቱ ዝኾነ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ኣላሳን ኡታራ ከምዝተሳዕረ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሄንሪ ኮናን በዲ፡ ኣብ ስልጣን መሪሕነት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብታ ሃገር ጥሙር ሃገራዊ ሓድነት ክህሉ ኣበርቲዑ ከምዝሰርሐ ገይሮም ዝገልጹዎ ሓያሎ ፖለቲከኛታት ከምዘለዉ ይንገር።

ኣይቮሪኮስት 27 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር እያ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 03/08/2023 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኣምፒር | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565